# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 29 ዓመት ቁ.181 ሰሉስ 31 መጋቢት 2020 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ካብ ወለድ ዝርከቡ ክብርታት



ገጽ 4
ምፍንታት ነዘውትር



ገጽ 6
ካብ ልቢ ተጣዒሰ እየ



ገጽ 8
ኣብ ኒው ሜክሲኮ ኣሰረ ህይወት . . .



ገጽ 9
ተጻወትቲ ባርሴሎና . . .




## ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና

በረራታት ኣየር ናብ ኤርትራ ቅድሚ ምቁራጹ፡ ካብ ደገ ካብ ዝመጹ ተጓዓዝቲ፡ ኣብ'ዚ ሳልስቲ'ዚ ብዝተገብረለም መርመራ - ሸድሽተ ጊያሾ ሕማም ቫይረስ ኮሮና ተረኺቦምም።

ካብኣቶም ሓሙሽተ ደቂ-ኣንስትዮ ክኾና እንከለዋ፡ ዕድመኦም ካብ 32 ክሳብ 60 ዓመት ዝዘርጋሕ እዩ። ኣርባዕተ ካብኦም ተወሺቦም ዝጸንሑ ኩዩናም፡ እቶም ክልተ ኣብ'ታ ዝመጽኦላ ኣፉራት ዝኾኑ ምልክት ዘርእዩ ጊያሻይ ስለዝይኣበራ ወጺኦም ዝበጹ እዮም።

ድሕሪ እዚኦም እውን ኣብ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና መርመራ ዝተገብረሎም ካልኦት ሰለስተ ዜጋታት፡ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ተረኺቦም ኣሎ።

ሰለስቲኦም - ሓንቲ ጓል-ኣንስተይትን ክልተ ደቂ-ተባዕትዮን፡ በረራ ነፈርቲ ቅድሚ ምቁራጹ ካብ ወጻኢ ናብ ሃገር ዝኣተዉ እዮም። ዕድመኦም ድማ ካብ 48 ክሳብ 60 ዓመት ዝዘርጋሕ እዩ።

ዚኦም ወሲኽካ፡ ቀጽሪ ብኮሮና ቫይረስ ዝሓመሙ ዜጋታት 15 ኩይኑ ኣሎ። ንኩሎም እዞም ሕሙማት ድማ፡ ዘድሊ ክንክን ይግበረሎም ኣሎ።

**ጥዕናን ድሕነትን ልዕሊ ኹሉ!**

**ሚኒስትሪ ጥዕና**

**29 መጋቢት 2020**

## ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና - ቁጽሪ 6

መንግስቲ ኤርትራ፡ ንምክልኻል ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ብዝምልከት ብተኸታታሊ መምርሒታት ከውጽእ ጸኒሑ ኣሎ። እንተኾነ፡ ኣብ ትግባረ'ቲ ዝወጽእ ዘሎ መምርሒታት ብዙሕ ጥሕሰታት ክርአ ጸኒሑ። ኣብ ኣብያተ-ጸሎት፡ ማሕበራዊ ኢጋጥሚታት ሓጎስን ሓዘንን ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ዝቐጽል ዘሎ ጻዕቂ ምትእኽኻብን ዘይምፍንታትን ኣገዳሲ ኣሳኺፊ እዩ።

እቲ ቫይረስ ኣብ መላእ ዓለም ብቐልጠፍ ኣብ ዝዝርጋሓሉን ከቢድ መቕዘፍቲ ኣብ ዘኸትለሉን ዘሎ ህጹጽ እዋን እምበኣር፡ መምርሒታት ብደረጃ ዜጋታት ብጥብቂ ክትግበሩ፡ ብዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ድማ ተረር ስጉምቲታት ምውሳድ ሕጋዊ ግዴታ እዩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ዝወጸ መምርሒታት፡ እዚ ዝስዕብ ተወሲኑ ኣሎ፦

1) ንዘሎ ሸለልትነትን ጥሕሰትን ንምግታእ፡ ካብ ሎሚ 31 መጋቢት 2020 ጀሚሩ፡ መምርሒታት ኣብ ልዕሊ ዝጥሕሱ ወገናት ብዝምልከቶም ኣካላት ሕጋዊ ስጉምቲታት ክወሰዱ እዮም።

2) ካብ ሎሚ 31 መጋቢት 2020 ሰዓት 6:00 ቅድሚ ቐትሪ ጀሚሩ፡ ኣብያተ-መግቢን መስተን፡ ካልኦት ዓማዊል ብዝበዝሒ ዘኣንግዳ ናይ ኣገልግሎት ትካላትን ንኽልተ ሰሙን ይዕጸዋ። ኣብዘን ትካላት እዚኣተን ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ካብ ስራሕ ኣይሰጎጉን ምሉእ ደሞዞም ድማ በቲ ዝሰርሕሉ ትካል ይኽፈሎም።

3) ኣፍረይቲ ትካላት፡ ጣኽታት፡ ፋርማሲታት፡ ደኳናት መግቢን ኣገደስቲ ሃለኽትን ተኸፊቶም ይጸንሑ።

4) ክፍሊት ማይ፡ ኤለክትሪክን ቀዋሚ ቴሌፎንን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ስድራ-ቤት፡ ዘድሊ ምንቅስቓስ ንምውጋድ፡ ንሓደ ወርሒ ተወዚፎም ይጸንሑ። ወሃለል ክፍሊት ብድሕሪኡ ይዕጾ።

5) ካብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ጀሚሩ፡ መጋባእያታት ኣብያተ-ፍርዲ ኣብ ኩሉ ጸፍሕታት ዕጹው ኮይኑ፡ ጉዳያትን ቈጸራታትን ተወዚፎም ይጸንሑ።

6) ትካላት መንግስቲ (ሚኒስትሪታት፡ ምምሕዳራት፡ በዓል-መዚታት፡ ኮሚሽናት ወዘተ.) ነቲ ብመንግስቲ ዝወጸእ ዘሎ መምርሒታት ኣብ ትካሎም ብጥብቂ ንምትግባር ዝሕግዝ ኣገባብ ኣሰራርሓ ክኽተሉ ይግደዱ። ነዚ ብዝምልከት ዝርዝራዊ መምርሒ ክለኣኸሎም እዩ።

***ጥዕናን ድሕነትን ልዕሊ ኹሉ!***
***ሚኒስትሪ ጥዕና***
***30 መጋቢት 2020***

## ማእከል ጥዕና ፎሮ፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ህዝቢ ተራኡ ይዓዝዝ





ማእከል ጥዕና ፎሮ፡ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብምክልኻልን ንቕሓት ህዝቢ ኣብ ዘመናዊ ሕክምና ክብ ብምባል፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ሕብረተሰብ ዕዙዝ ኣስተዋጽኦ ትገብር ኣላ።

ሞያውያን ናይ'ታ ማእከል ጥዕና ከምዝሓበርዎ፡ እታ ብሰለስተ ኣባላትን ውሱን ዓቕሚን ዝጀመረት ማእከል፡ ብብጽሓዊ ብዝተኣታተወላ ናውትን ዓቕሚ-ሰብን ዝተማልአ ኣገልግሎት ክትህብ በቒዓ ኣላ።

ሕጽረት ዓቕሚ-ሰብን ናውቲ ስራሕን ዝነበሮ ኣገልግሎት ላቦራቶሪ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ እኹል ዓቕሚ-ሰብን መሳርሒታትን ዓጢቑ፡ ኣብ ምቕልጣፍ መስርሕ መርመራን ምቕላል ሃልኪ ነበርትን ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ዝጠቐሱ እቶም ሞያውያን፡ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ እቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝረአ ሓደ-ሓደ ሕጽረታት ከም ዝማልኣሎም እምነቶም ገሊጾም።

ካብ ርሑቕ ከባቢታት ዝመጻ ነፍሰ-ጾራት፡ ካብ ቅድሚ ወርሒ ኣብ መጸበዪ ጸኒሐን ከምዝሓርሳ ይግበር ስለዘሎ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ምውሓስ ጥዕናኣንን ጥዕና ዕሸለንን ዘለዎ ኣስተዋጽኦ፡ ብዛዕባ ክንክን ቅድሚን ድሕርን ሕርሲን ካልእ ጥዕና-ጠቀስ መዳያትን ኣስተምህሮ ይረኽባ ከምዝለዋ ሓቢሮም።

ኣብ 2019 ኣብታ ትካል ናይ ዝተገላገላ ነፍሰ-ጾራት ቁጽሪ ምስ ናይ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ ብ10 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፡ ሽፈን ክታበት ህጻናት ብብጽሓዊ ዕቤት የመዝግብ ከምዘሎ፡ ብዛዕባ ጉዳይቲ ልምድታትን ጽሬት ኣከባብን ዕቱብ ስራሓት ከምዝካየዱ ብተወሳኺ ኣረዲኦም።

ኣሰታት 25 ኣባላት ዘለዋ ማእከል ጥዕና ፎሮ፡ ንምምሕዳራት ከባቢ ማልካ፡ ኢየርማሉ፡ ሓደሽ፡ ዙላ፡ ኣፍታን ፎሮን ኣገልግሎት ትህብ።

## ቡያ - ተበግሶታት ህዝቢ ኣብ ትምህርቲ ይምጎስ

ኣብ ቡያ - ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ህዝቢ ንምዕባለ ትምህርቲ ዝወሰዶ ዘሎ ተበግሶታት፡ ኣብ ውጽኢት ተመሃሮ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ርእሰመምህር መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ቡያ፡ መምህር ኣደም መሓመድ ዑመር፡ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ኣሰታት 93 ሚእታዊት ተመሃሮ ምሕላፎም፡ መርኣያ ናይ'ቲ ዝምዝገብ ዘሎ ዕቤት ምዃኑ ገሊጹ።

ንዚያዳ ውጽኢት ይሰርሓሉ ከምዘሎ፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዝርአ ዋሕዲ መምህራን ግን ፍታሕ ክናደየሉ ከምዝግብኦ ኣገንዚቡ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ህዝብኡ ብዝተሓወሶ ዝናብ ገለ ክፋል'ታ ቤት-ትምህርቲ ከምዝፈረሰ፡ ትምህርቲ ንኸይሰናኸል ግን ብጻዕሪ ህዝብን መማህራንን ግዝያዊ መጽለሊ ተሰሪሑ - እቲ መደብ ይቕጽል ከምዘሎ፡ ናይ ሓዋሩ ፍታሕ ግን ቁልሕታ ክወሃቦ መምህር ኣደም ኣዘኻኺሩ።

ተመሃሮ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝመጹ ስለዝኾኑ ጸገማት ከምዘለዎም ብምምልካት ኮይኖ ኣብ ትምህርቶም ብምድሃብ ተወዳደርቲ ንክኾኑ፡ እታ ቤት-ትምህርቲ ኣሕዳሪት ወይ ሓውሲ ኣሕዳሪት ክትከውን ዝምልከቶ ኣካል ክሓስበሉ ተላቢዩ።

## ጎልጅ - ሕጽረታት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምቅላል ይስራሓሉ

ነበርቲ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ብሓፈሻ - ተቖማጦ ሓውሲ ከተማ ጎልጅ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ከባቢኦም ናይ ዝርከብ ኣብያተ-ትምህርቲ ሕጽረታት ንምቅላል ዝወሰድዎ ዘለዉ ተበግሶ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ተገሊጹ።

ምስ ተመሃሮን ኮሚተ ወለድን ኣብ ዝተገበረ ርክብ፡ ርእሰመምህር ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ጀበል ሓምድ፡ መምህር ረዘነ ሓጎስ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ግዝያዊ መማሃሪ ዳሳት ዝምሃሩ ናይ መባእታ፡ ከምኡ'ውን ሕጽረት ክፍልታት ዘለወን ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታት ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዘለዋ ብምጥቃስ፡ ነዚ ንምቅላል ብህዝቢ ንዝወሰድ ዘሎ ተበግሶታት ሞጊሱ።

መምህር ረዘነ ተሳታፍነትን ብቕዓትን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣተባቢዒ ክነሱ፡ ብሰንኪ መርዓን ካልእ ዘይብቑዕ ምኽንያታትን ምቁራጽ ይርአ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ንምግታኡ ተራ ኮሚተ ወለዲ ክዓቢ ኣተሓሳሰበ።

ኮሚተ ወለዲ በቲ ኢጋጥሚ፡ ዋሕዲ መማሃሪ ክፍልታት ንምቅላል ዝውዕል 70 ሽሕ ናቕፋ - ካብ ወለዲ ከም ኣተበርከተ ሓቢሮም።

# ሕማም ኮሮና ቫይረስ ንምክልኻል ዝወጹ መምርሒታት ይጠሓስ ኣሎ

ሰቡዳ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ንምክልኻል፡ ብዝምልከቶ ኣካል መንግስትን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝወጹ መምርሒታት፡ ሓደኛነት ናይ'ቲ ለበዳ ብግቡእ ካብ ዘይምርዳእ ብዕቱብ ይትግበር ከምዘየለ ተረሊጡ።


ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ፡ ኣብ ቤት-ክርስትያን ደብረጼን ቅድስቲ-ማርያም፡ ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ ሚካኤል ጸጸራት፡ ኣብ መኽፈሊ ማእከላት ሓይሊ ኤለክትሪክ፡ ዕዳጋታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለያ ትካላትን ናይ ሓዘን ኣጋጣሚታትን ዝበረ ምትእኽኻብ፡ ኑቲ ዝተዋህበ መምርሒታት ዝጥሕሰን ኑቲ ለበዳ ዘጋድድን እዩ።

ምሕላው ማሕበራዊ ርሕቀት ኣብ ምክልኻል ለበዳ ኮሮና ቫይረስ፡ መሰረታዊ ምኽኑ ዝጠቕሱ ክኢላታት፡ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ዘኾነ ስጉምቲ ምስ ዘይወሰድ - ሓደ ሰብ ኣስታት 33 ሽሕ፣ 500 ሰባት ድሕሪ ምልኻፎም ስጉምቲ ክወሰድ ምስ ዘጀምር ልዕሊ 4 ሽሕ፣ 2 ሽሕ ሰባት ድሕሪ ምልኻፎም ስጉምቲ ምስ ዝወሰድ ልዕሊ 8 ሽሕ ሰባት ከምዝልከፉ ብምሕባር፡ ምሕላው ማሕበራዊ ርሕቀት ብጥብቂ ክትግበር ይመኽሩ። ምልባዕ ኮሮና ቫይረስ ከም እሳተ-ጎመራ ፈኺም እናበለ ስለዝኸቱግ እምበኣር፡ ትግባረ መምርሒታት ግድነታዊ ይኸውን።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ዝ. ኣብ 200 ሃገራትን ግዝኣታትን ልዕሊ 700 ሽሕ ሰባት ብምልካፍ ጠንቂ ሞት ልዕሊ 34 ሽሕ ህይወት ኮይኑ ዘሎ ሕማም ንምግታእ፡ ባይታ ምስፍሕፋሕ ክኸውን ዝኽእል ልዕሊ 10 ሰባት ዘሳትፍ ምትእኽኻብ ደው ምባል፡ በረራታት መጎዓዝያ ምቍራጽ፡ ትካላት ትምህርቲ ምዕጻው፡ ኩሉ ዓይነት ኣገልግሎት ህዝባዊ መጎዓዝያ ደው ምባል ዝጠቓልል ስጉምቲታት ወሲዱ እዩ።

መራሕቲ ሃይማኖት ኤርትራ እውን ዝ. ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ዘቐደም እዋናውን ኣገዳስን ስጉምቲታት ብምስዓብ፡ ኣብ ኣፈጻጽማ ክፍደድ ዝጸንሐ መንፈሳዊ ኣገልግሎታት፡ ምእመናን ክኽተልዎ ዝግባእ ዝርዝር መምርሒታት በብወገኖም ኣውጺኦም።

እንተኾነ ኣብ ትግባረኡ፡ ብደረጃ ውልቀሰባት ይኹን ትካላት ሸለልትነት ይረአ ብምህላዉ፡ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ብጥብቂ ክትግበር ኣለዎ። ብግቡእ ንምትግባሩ ድማ፡ ዝምልከቶም ትካላት ዓቢ እጃም'ኳ እንተለዎም፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ፡ ጥዕናን ድሕነትን ነብሱን ስድራ-ቤቱን ናይ ምሕላው ሓላፍነት ከምዘለዎ ክግንዘብ ይግባእ።





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኸለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ሳምራዊት መለስ
ትንሱእ ፍስሃየ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ. 200454-07121322
**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ሓጋዝ - ዋጋታት ኣብ ዝወሰኻ ትካላት ስጉምቲ ይውሰድ

ምምሕዳር ከተማ ሓጋዝ፡ ኣብ ዋጋታት ሃለኽቲ ዘይምኽኑይን ዘይሕጋውን ወሰኽ ኣብ ልዕሊ ዝገበራ ትካላት ስጉምቲ ይወስድ ኣሎ።

ሓላፊ ምቁጽጻር ሕግን ስርዓትን ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ኣቶ ዜናዊ እስቲፋኖስ፡ ነጋዶን ወነንቲ ትካላትን - ኣብ መስርሕ ዕዳጋታትን ዋጋታትን ቀጻሊ ሓበሬታን መጠንቀቕታን ክወሃቦም ምጽንሑ፣ ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ ዝተራእየ ጥሕሰትን ናህሪ ዋጋታትን ንምቁጽጻር ዝቘመት ኮሚተ - ካብ 26 መጋቢት ጀሚራ ተረር ስጉምቲ ትወስድ ከምዘላ ሓቢሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣስታት 80 ትካላት ከተማ ሓጋዝ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ከም እተወሰኖ፡ ክሳብ መቕጻዕተን ዝኸፍላ ድማ ተዓጽየን ክጸንሓ ምኽንያት ገሊጹ።

ቤት-ጽሕፈት ሕግን ስርዓትን ዞባ ማእከል እውን ኣብ ልዕሊ ተመሳሳሊ ናህሪ ዋጋታት ዝገበራ ትካላት ካብ 3 ሽሕ ክሳብ 25 ሽሕ ናቕፋ ዝበጽሕ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ከምዝበየነ ይፍለጥ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ደክመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ልዝብ መንእሰያት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዶክመንታሪ |
| 14:45 | ሙ/ድራማ |
| 16:10 | መደብ ሳይዳ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ሙ/ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:55 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:50 | ፍሉይ መደብ |
| 19:25 | ሄሎ ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ህድግ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ኩነታዊት ፊልም እንዳ ዞማም |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

# ሰድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም
yosief1557@gmail.com

# ካብ ወለዲ ዝርከቡ ክብርታት



ሕብረተሰብ ኤርትራ ብዓይነትን ብዙሕን ኣዘዩም ሪዝነቲ ክብርታት ዘለውዎ'ዩ። እዚ ክብርታት'ዚ ስለዝወሰ ደማ'ዩ ኣብዚ ኹሉ መሰናኽሉት ዝመልኣ ዓለም፡ ዘጋጥምዎ ብደሆታት እናሰገረ ነቲ ዝመናት ዝዓቀቦ ክብር ባህሉን ሱ- ምግባራቱን ብሓደነት ዓቂቡ ዝቕጽል ዘሎ።

ከም ኣብ ኩሉም ሕብረተሰባት፡ ኣብ ሕብረተሰብና ደማ ብሉጻት ክብርታትን ነውርታትን ማለት ዒብ ኣለወ። ክዕቀቡ ዘለዎም ክብርታትን ክውገዱ ዘለዎም ዒብን ናይ ሓደ ሕብረተሰቡ እቲ ሕብረተሰብ ባሕሉ'ዩ ክወስኣሉም ዘለዎ። እንተዘይኪኢይኑ ተዓዚቢ መጺኡ እዚኣቶም ክብርታት'ዮም ይተዓቀቡ፡ እዚኣቶም ደማ ዒብ'ዮም ይወገዱ ክብል ፍጹም ክውንነታዊ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ክብርታትን ዒብን ብየበኡ ምስ ባህሊ ብመጠኑ ደማ ምስ ሃይማኖት ቀጥታዊ ምትእስሳር ስለዘለዎም፡ እቲ ዋናኦም ዝኾነ ሕብረተሰብ'ዩ ክቕልሶም ዝግባእ። እዚ ሓቂ'ዚ ክኢሊታት ዓውዲ ስነ-ሕብረተሰብ'ውን "ባህሊ በቲ ወናኒኡ ደኣ'ምበር ብኻልእ ኣይምዘንን'ዩ" ክብሉ ገሊጾሞ'ዮም። እቲ ምንታይ፡ ባህሊ ከኖ ብደገ ትዕዘዞ ምስጠራዊ ሓይሊ ስለዘለዎ።

ሕብረተሰብና ፈታዊ ሰናይ ጸላኢ ግናይ'ዩ። ምንብዩሩን ምክብዩሩን ከኣ ንመን ዘኖቅንዩ። ኣብ ሕማቕ ኣብ ጽቡቕ ብሓደ ክትዕዘዞ ደሰ ዘዩብል ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ኣብ ሓዘን ንሓዘንተኛ ኣብ ምጽንናዕ ዝገበር ወግዩ፡ ኣብ መርዓ ደማ ንበዓል ኣቦ፡ ኣበ ንምውሳኽ ዝተፈደ ምውሳእ ብሕብረተሰብና ካብ ዝዘወተሩ ኣብነታውያን ወግዕታት'ዮም። ብዘይካ'ዚ ንዲብ ቦታ ዝኾልኡ ክብርታት'ውን ኣለዉና። ንኣብነት፡ ዘይናትካ ምድላይን ዘይጸዓርካሉ ሃንቀው ምባልን ነውሪ'ዩ፡ ከም ሰብ ዘቑጸር'ውን ኣይኮነን። ከምኡ'ውን ዘይምትሕልላይ፡ ንጽገም ወገንካ እናረአኻ ከተሰቅጥ ሕልናኻ ትኣኽሎ። ሰብ ከይብሉ ምባል (ጊጋ ንኽይትፍጽም ከበኺ ግልጽ ምባል)ን ብልምድን ኣካይዳን ሕብረተሰብካ ምምእዛዝ'ውን ኣካል ዒብ ሕብረተሰብና'ዮም።

እዚ ንጠቕሶ ዘለና ገለ ካብቶም ኣብ ሕብረተሰብና ንዘመናት ዝሰረቱ ክብርታት'ዮም። ካብ ባሕሪ ብጭልፋ እንተተባህለ ይሓይሽ። ዝም ንዘመናት ሓይሊ ኩይናም ከም ሕብረተሰብ ኣብዚ ዘብጽሑና ክብርታት ምዕቃብምን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ብየበእ ከምዝመሓላለፉ ምግባርምን በቲ ሓደ ወገን ኑዩም መሽሮ ባህሊ እናኾኑ እናተታተዩ ዝቕጽሉ ዘለዉ ዒብ ዘድልየም ልምድታት ምውጋድ ደማ በቲ ካልእ ደጋንሓለዩ ዘይበዝሎ እዋናዊ ዕማም ኩሉ ወገን'ዩ።

ክብርታትን ዒብን ቅድሚ ሕብረተሰብ ዝፍጠሩ ኣይኮኑን፤እንታይ ደኣ ሕብረተሰብ ከም ሕብረተሰብ ምስ ቆመ ዝሃነጾም'ዮም። ኣብዚ ክብርታት እናደመቑ ዒብ ደማ እናህሰሱ ዓቢ ተራ ክትጻወት ትጸበት ዝኾነረላ'ምበር፡ እታ ማሰረት ሕብረተሰብን ሃገርን ዝኾነት ሰድራቤት'ያ። ምኽንያቱ ክብርታት ሕብረተሰብና ኣብ ሰድራቤት ስለዝተሰረቱ'ዮም ዝቕጽሉ ዘለዉ። እንተዘይኪኢይኑ ኣብ ሰድራቤት ዘይተሰረተን ዘይተሃንጸን ኣብ ሕብረተሰብ ክሀሉ ምጽባይ ብሓደ ኣደካ ከም ምጥቓዕ'ዩ ክኸውን። ስለዚ፡ ኣብርክቶ ሰድራቤት ኣብ ምዕባይ ክብርታት ሕብረተሰብ ወሰኒ ይኸውን።

ዝጸንሓና ባህሊ ኣቦዋትን ኣደታትን ንተካኢ ወለዶ ንዘኾኑ ህጻን መልሚሉ ኣብ ዝዕበሕ ዘዕበሕ'ዩ፡ ሓንቲ ካብቶም ብዙሓት፡ ወለዲ ናብ ደቆም ክብርታት ሕብረተሰቦም ዘሰጋግሩላ መድረኽ ደማ መኣዲ'ያ።

መኣዲ ሓንቲ ካብቶም ብወግዒ ክቢ ዝተዩዱ ወግዕታት ሕብረተሰብና'ያ። ወግዒ ሓዘንና፡ ወግዒ ጓይላና፡ ወግዒ መኸዳና ወዘተ. . . ብወግዒ ክቢ'ዩ ዝተዩደ። ሓንቲ ካብተን ተሃረፍቲ ዝኾኑት መኣዲ ወግዕና ዝርከብ ሪቡላ መወዳደርቲ የብሉን። ኣብ ቁርሲ፡ ኣብ ምሳሕ፡ ኣብ ድራር ወዘተ ሰድራቤት ከፍ ኢልካ ክትምገብ ከለኻ ዘሎ መቐረቲ ቃላት'ውን ዝርከቦ ኣይኮነን። ኻሲ-ወከፍ ኣባል ሰድራቤት ደማ ካብ ወግዒ መኣዲ ብግዕሪ ተረባሒን ኣርባሕን'ዩ። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ሕብረተሰብና መኣዲ ቤት ትምህርቲ'ያ - ወላዲን ወሉድን ሓብርም ዝምሃሩላ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ብፍላይ ኣብ ከተማታት ንኣጋዳሲት መኣዲ ዝፈታተን ዝተፈላለዩ ዘመናዊ ልምድታት ይተኣታተዩ ስለዘለዉ፡ መኣዲ ክብረታ ከይዛሰሰ ሰድራቤታት ብሓፈሻ ሕብረተሰብ ደማ ብፍሉይ ልዑል ቆላሕታ ክዝበሩሉ ዘለዎም'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ባህልና ኣመጋግባ ብመኣዲ'ዩ ዝፍጸም። ኩላ ኣባል ሰድራቤት ብኣጣን ኣደን ማማቕን ማዕረ'ጋን ኣብ ሓደ መኣዲ ተቐሪባ'ያ እናተጠማመተንን ብሓባር እናወግዐትን ትቋደስ። ሎሚ ግን ብዘተፈላለዩ ቅኑልን ዘይቅኑልን ኩነታት ብፍላይ ኣብ ከተማታት እዚ ናይ መኣዲ ክብሪ እናሃሰሰ ይኸይድ ኣሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብፍላይ ኣብ ገለ ገለ ሰድራቤታት ዳርጋ ደርሳዕ ኣሎ ክበሃል ዘደፍር ኣይኮነን። ኩላ ኣባል ሰድራቤት ነንበይኑ (ብበይኑ ሐዘ) ክምገብ ምርኣይ ንቡር ኩይኑ ኣሎ። እዚ ኩልኻ ኣባላት ሰድራቤት ኣብ ግዜ እናሃለኻ ከም ደቂ ዛግራ- ፋሕ ኢልካ ምምጋብ ፍጹም ባህልና ኣይኮነን ክውገድ ጥራይ'ዩ ዘለዎ። ምኽንያቱ ኣብዚ ጠርናፊትና ዝኾነት መኣዲ እንረኽቦም ከም ምኽሪ፡ ተግሳጽ፡ ፍቕሪ፡ ሓይሊ፡ ሓድነት፡ ጽግዕት ወዘተ ዝኣመሰሉ ክብርታት ብዘየገድስ ክንቅሰሞም ስለዘይንኽእል።

ገለ ሰባት ንትርጉም መኣዲ ብዕምቆት ካብ ዘይምርዳእ፡ ነገረይንኻ ተቐሪብካ ምብላዕ (ኣብ ግዝ ይኹን ኣብ መርዓ) መግቢ ንኽይሃልኽ ተራ ስለዋዘለዎ፡ ንበይንኻ ኩይንካ ምብላዕ ክድግፉ ትሰምዕ ኢኻ። እዚ ግን ናይ ኣረዳድኣ ጸገም ደኣ'ምበር፡ ኣብ መኣዲ'ውን ዓቕምኻ መግቢ ቀሪብካ ብቑጣቢ መጉዲ ክትቋደስ ዘይክኣል ኣይኮነን። ኣብ መኣዲ ብዙሕ መግቢ (ክሳብ ዝተርፍ) ክቐረብ ኣለዎ ዝብል ባህሊ'ውን የብልናን። ኣብ መኣዲ ገዛና ይኹን ኣብ መኣዲ መርዓ ዓቕምና ዝኾነ መግቢ ዘይቅረበሉ መጉዲ'የም እንታይ ኣሎ? እቲ ጸገም ናይ ኣረዳድኣ ጸገም'የ ዝብሎ - ብወከይ።

ከምቲ ቁሩብ ትኽክፍ ዘበልናዮ፡ ካብ መኣዲ ዝርከቡ ረቡሓታት ብዙሓት'ዮም፡ ንምርድኡ መታን ክጥዕም ኣብ ወግዒ መኣዲ በዩም መሪሕነቲ ናይታ ሰድራ ዝኾኑ ኣጦን ኣደን ዝርከቡ ጥቕምታት ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ፈላሊና ክቕርብ። ቅድሚኡ ግን እቶም ብኣቦ ዝርከቡ ክብርታት ብኣደ'ውን ክርከቡ ከምዝኽእሉ፡ እቶም ብኣደ ዝርከቡ ደማ ብኣቦ'ውን ከምዝርከቡ ምግላጽ ጽቡቕ'ዩ።

ካብ ኣቦ ዝርከቡ ክብርታት፦

1. ተባዕ ምኳኑ፦ ትብዓት ኣብ ግዛኻ'ዩ ዝጅምር፡ ካብ ኣቦኻ ኣብ ወግዒ መኣዲ ድማ ትመሃር። ኣብ ኩሉ ጉዕዞኻ ዘይትጸዓድ ንኽትከውን ሂወት ብኹሉ ሸነኻታ ቃልሲ ብምኳና ኣብቲ ቃልሲ ተዓዋቲ'ምበር ተሰዓ ቀሪጹ ጉዕዞኡ ዘቋርጽ ከይትኸውን ኣብ ወግዒ መኣዲ ካብ ኣቦኻ ትረኽቦ ተመክሮን ምኽሪን'ዩ። ካብቲ እትምገቦ መግቢ ብዘይንእስ ትብዓት እናተቐደስካ ከኣ ትዓቢ፣ ከም ኣቦኻ ድማ ተባዕ ትኸውን።

2. ጸገምካ ምኽኣል፦ ንዘጋጥመካ ነገር ክትጻድመሉ ዘይክእ ካብኡ ትረብሖ ስለዘሎ ክትገጥሞ'ዩ ዘለካ። ካብ ብደሆታት ብዙሕ ረብሓታት'ዩ ዘሎ። ንኣብነት ትብልሕ፡ ትቕቅሕ . . .። ስለዚ፡ ኣብ ሂወት ክኢላ ኩይንካ ንኽትወጽእ ናይ መጀመርያ ቤት ትምህርትኻ ወግዒ መኣዲ'ያ።መምህርካ ድማ ኣቦኻ'ዩ፣ ከምኡ ክኢሉ ንጸገማት ተጻዊሩን በዓሀውን ዝነበር ኩይንካ ክትዓቢ ይምህረካ።

3. ጽኑዕ ምኳኑ፦ መማስ ዘጋጥመካ ትቀያየር እንተኾይንካ ኣብ ሂወት ኣብ ሓደ ምዕራፍ ወይ ኣብ ዓወት ከይበጻሕካ ኢኻ ትተርፍ። እዚ ንከይትኸውን ግን ኣቦኻ'ዩ ኣብ ወግዒ መኣዲ ጽኑዕ ንኽትከውን ኩሉኩሉ ዘዕብየካ። ካብ ተመኩሮኡ ጸገማት ይምህረካ፣ ጸገማት ግዚያውያን ምኳናም ጸገማት ድማ መፍትሒኦም ምኳኑ ብየዝብሪ እናርኣየ የዕብየካ። ጸገማት ድማ፡ ሪኢኻን ሽቶኻን ካብ ፈለማ ኣነጺርካ ብምስኣል ክትሰርሕን ኣብ ዓወት ክትበጽሕን ትጉብረካ። ጸገማት፡ ኣብ ሎሚ ኩይንካ ኣብ ጽባሕ ናይ ምንባር ጣቡበ'ያ።

ካብ ኣደ ዝርከቡ ክብርታት፦

1. ፈቃር ምኳኑ፦ ፍቕሪ እንተመቐልካዮ ዓጸፋ ይኸውን። ሓቅነቱ ፈቲኻና ከረጋግጾ ንኽእል ኢና። እንተዘይኪኢይኑ ፍቕሪ ምስ ተመቐለ'ዩ ዓጸፋ ዝኸውን። "ምሩብ ዘይለመደስ ዝበዪ መን ኣልመዶ?" ዝብሉ ምስላ ኣቦዋት ኣለዉና። እዚ ምስላ'ዚ ብዓይኒ ፍቕሪ እንተርኢናዮ ፍቕሪ ምሩብ ዘይለመደ ፍቕሪ ክልምን ኣይክእልን - ኣየምሕረሉን ድማ ንባል'ዩ። ምኽንያቱ ፍቕሪ እንተለጊሰካ ኢኻ ፍቕሪ ዝለገሰልካ። ፍቕሪ ምስ ኣሕዋትካ፡ ምስ ጎረባብትኻ፡ ምስ መሳርሕትኻ. . . እንተዛልዩካ ብርግጽ ኣብ ምንባር እቲ ዝሰዓበ ሰብ ንስኻ ኢኻ። ፈቃር ምኳን ግን ኩሉ ዝኽእሎ ኣይኮነን - ኣተዓብብያ ወሳኒ'ዩ። ምኽንያቱ ፍቕሪ ቀሲሙ ዘይዓበየ ከመይ ገይሩ ፈቃር ክኸውን ትጸብት ይግበረሉ? ስለዚ፡ ፈቃር ምኳን'ምበር ካብ ገዛኻ'ዩ ዝጠጥዕ። ኣብ ገዛኻ ኢኻ ፈቃር ምኳን እትመሃር። መምህሪ ፍቕሪ ድማ ኣደ'ያ፣ ካብ ኣደ ኢኻ ኣብ ወግዒ መኣዲ ምፍቃር ትመሃር። እዚ ክብሪ ህያብ'ዚ ኣብ ወግዒ መኣዲ ምስ ኩይንካ ኢኻ እናስተማቐርካዮ ትዓቢ። ኤርትራዊት ኣደ ፈቃር'ያ፡ ለዋህ'ያ. . .፣ ዝበሃል እኳ፡ ፈቃር ምኳን ኣብ ግዜ ወግዒ መኣዲ ካብ ኣደታታ ስለዝወረሰቶ'ዩ። ኣብ ሂወት ምርካበን ምስኣንን ንበር'ዩ፡ ኣደ ግን ትርክብ ትስኣን ቀዳምነት ወላዳ ምስ ሰሪዐት'ያ። ብፍላይ ኣድ ኣብ ዝሓጸረ (ኣብ እትሰእኖሉ) እዋን ቅድሚ ከብዳ ከብዲ ወላዳን ሰድራቤታን'ያ ትዕንግል። እዚ ከኣ መግለጺ ካብ ልቢ ዝመንጨወ ፍቕሪ ኩይኑ፡ ኣብ ወግዒ መኣዲ ዝርከብ ዘይብርስ ክቡር ባህሊና'ዩ።

2. ምስጢራዊ ምኳኑ፦ ዘጋጠመ እንተጋጠመ ኤርትራዊት ኣደ ኢዳ ኣይትህብን ህይ ኢላ ድማ ትዛረብ ኣይኮነትን። ዓቕራት፡ ከኣሊት፡ ሰታሪት - ብሓጺሩ ምስጢር ሓላዊት ኣደ'ያ። ከሉ ንውሽጣ ትጸሮ። ቀላይ ዓሚቕ ይኸውን'ሞ ግን ኣይክም ልቢ ኣደ። ኣብ ሰድራ ዝጋጥመ ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ ንደገ ከይወጽእ ቀንዲ ማዕጾ ኣደ'ያ። ስለዚ፡ ኣደ ኣብ ወግዒ መኣዲ ምስጢራዊ ምኳን ትምህረካ።

3. ብሓደነት ምንባር፦ ኣደ ንኹሉ ኣባል ሰድራቤት (ብዘይ ኣፈላላይ) ኣብ ሓደ መረዳእታ ንምምጻእ እትገብሮ ጻዕሪ ቀሊል ኣይኮነን። ኩሉም ደቃ ብሓደነት ክዓብዩን ብሓደነት ጸገማቶም ክብድሁን ብቓል ይኹን ብየዝብሪ ወትሩ ምስ መሃረት'ያ። ኣብ ወግዒ መኣዲ ድማ፡ ነዚ ሓደነት'ዚ ዝጻረር ተግባር ትእርምን ንዘይዳ ሓደነት ምኽራን ሓሳባታን ትልግሰ፡ "ኣደ መብራህቲ ገዛ'ያ" እናተባህለ ክምስለላ ከሎ'ውን ህላወኣታ ማዕረ ክንደይ ነቲ ሰድራ ኣብ ሓድነት ከምዘምጽእ ዝገልጽ'ዩ። ብሓጺሩ ኣደ ጠርናፊት ሰድራ'ያ።

እዚ ዝጠቐስናዮ ገለ ካብቶም ኣብ ወግዒ መኣዲ ካብ ኣቦ ካብ ኣደን ናብ ወሉድ ዝሰጋገሩ ክብርታት'ዮም። እቶም ብኣቦ ዝሰጋገሩ ዝበልናዮም፡ ብኣደ'ውን ክሰጋገሩ ይኽእሉ'ዮም - ከምኡ'ውን እቶም ብኣደ ዝበልናዮም ብኣቦ ይሰጋገሩ'ዮም። ኣብ ሂወት ብየዓወት ክትገዓዝ ሓይሊ ዝኾኑትኻ ልቦናዊ ህያብ'ዮም። እዞም ልቦናዊ ህያባት ወለዲ ከይቀሰምካ ምዕባይ ዘምጽኦ ጸገማትን ሃጓፋትን ማዕረ ክንደይ ሃጓፍ ምኳኑ ድማ ርዱእ'ዩ። ስለዚ፡ ወግዒ መኣዲ እታ እንኮ ሓብርና ካብ ኣጦን ኣደን ናብ ወሉድ መልእኽቲ እነመሓላልፈላ መድረኽ ስለዝኾነት፡ ዕሽሽ ክትብሃል ኣይግብኣን።

ኣብ መወዳእታ እስከ ሓደ ሓሳብ ከልዕል፣ ከምቲ ቀደም ኣቦዋትን እኖዋትን መኣዲ ክቕረቡ ዝሀወኹ ዝበሩ ናይ ሎሚ'ኸ ከምኡዶ ኣለና? እዚአ ኻሲ-ወከፍና ወለዲ ክንምልሳ ዘለና ሕቶ'ያ።

# መልሲ ሰዱኮ ቁ.21

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | 9 | 6 | 5 | 7 | 2 | 3 | 8 | 4 |
| 4 | 8 | 2 | 1 | 3 | 9 | 7 | 6 | 5 |
| 5 | 3 | 7 | 4 | 6 | 8 | 2 | 1 | 9 |
| 9 | 7 | 8 | 6 | 1 | 3 | 5 | 4 | 2 |
| 2 | 1 | 5 | 7 | 9 | 4 | 6 | 3 | 8 |
| 6 | 4 | 3 | 8 | 2 | 5 | 9 | 7 | 1 |
| 3 | 2 | 1 | 9 | 8 | 6 | 4 | 5 | 7 |
| 8 | 5 | 9 | 3 | 4 | 7 | 1 | 2 | 6 |
| 7 | 6 | 4 | 3 | 5 | 1 | 8 | 9 | 3 |


ቅርጺ ሰሉስ ኩርናዕ ትመጽእ ቅርጺ C ትመጽእ

ኣዳላዊ ሰለሙን ተኽለማርያም (ራጁ)

# መድረኽ ርእይቶ

ኣማረ ወልደኣብ

## ምፍንታት ነዘውትር



ኣብ'ዚ ህሞት እዚ፡ ቫይረስ ኮሮና ኣብ ምሉእ ዓለም ኣዛሪቢ ኩይኑ ከምዘሎ ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን። ነዚ ብቕልጡፍን ብሰፊሕ ዝርገሐን ኣማኢት ኣሸሓት ህይወት ዝቐዝፍ ዘሎ ሓደገኛ ክስተት፡ ኩሉ ሰብ ኣእምሮኡ ኣንቂሑ ክቃለሶ ከምዝግባእ ብሱብ ሞያ ጥዕና ወርትግ ይንገር ኣሎ።

መዓልታዊ ዜና ንከታተል እንተ ሃሊና፡ እቲ ዝጠዘሐ ክፋሉ፡ ብዞዕባ ዝርገሐ ቫይረስ ኮሮናን ዘስዕቦ ዘሎ ዕንወትን ዝገልጽ እዩ። ወዮ ደኣ ንሕና ከም'ተን ብኸቢድ ኣጥቂዑወን ዘለዋ ገለ ሃገራት ኣይተጠቓዕናን ኣለና እምበር፡ ሓደገኛነቱ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ከምኡ ዝበለ ኩነት ከይተበጽሐ ከሎ፡ ሕልናዊን ዕቱብን ጥንቃቐ ክንወስድ እንተ ዘይክኢልና ድማ፡ ደሓር ንኻው ነጀው ምባል ትርጉም የብሉን። "ውሑጅ ከይመጽአ መንገዲ ውሕጅ ጸረግ" ከም ዝተባህለ፡ ብኣድማዒ መንገዲ ክንከላኸለሉ እንኽእል ዕድል ሕጂ እዩ።

ተላባዒ ቫይረስ ኮሮና ንምክልኻልን ንምግታእን፡ ኣብ ኣኽባብራና ክንክተሎም ዝግባእ መምርሒታት ብብግዜኡ ብሚኒስትሪ ጥዕና ሓበሬታ ይወሃብ ኣሎ። ብዘይካ በዚ ሚኒስትሪ፡ ብዝተፈላለዩ ኣካላት እውን ካብ ምንጋር ኣየቋረጸን። ክሳብ ክንድ'ዚ ሓበሬታ ምትሕልላፍ ዘድለየሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ ሓደገኛ ለብዒ ምዃኑ ስለ ዝተፈልጠ እዩ። ሓደገኛ ምዃኑ ከኣ፡ ብቐሊሉ ካብ'ቶም ዕንወት ወርዱዎም ዘሎ ህዝብታት ዓለም ክንመሃሮ ንኽእል ኢና።

ኑቲ ብመንገዲ መራኸቢ ብዙሃን ሃገርና ዝወሃብ ዘሎ ሓበሬታ ብዝግባእ ተኸታቲልና፡ ንኻልኦት ኣብ ምክፋልን ሓድሕድ ሓበሬታ ምልውዋጥን ከኣ ሓላፍነት ኩላትና ምዃኑ ክንግንዘብ ይግባእ።

ልምድና ወይ ኣኽባብራና ምሕቡር ብምዃኑ፡ "ማሕበራዊ ምፍንታት" ዝበል ኣምር ሓድሽ ክኾውና ይኽእል እዩ። ኩይኑ ግን ክሳብ እዚ ሓደገኛ ለብዒ ግዜኡ ወዲኡ ዝሃድእ፡ ብመሰረት መምርሒ ሰብ ሞያ ጥዕና፡ ተፈናቲትና ምንቅስቓስን ምንባርን እዩ ዘለና ምርጫ።

ከም ትዕዝብተይ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ሃገርና፡ እኩብ እኩብ ምባል ኣይተረፈን ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ከም፡ ኣብያተ-መስተ፡ ኣብያተ-ሻሂ፡ ጌይም ዝጻወቱ ኩዕሶ ዝዕዘቡን ዝጻወቱን፡ ኣብ መንገዲ ዘወን ዝብሉን ዘዕልሉን፡ ኣብ ንኣሽቱ መካይን . . . ሰባት ተሊጊቦም ወይ ርሕቀት ከይሓለዉ ኮፍ ክብሉን ክንቀሳቐሱን ይረኣዩ ኣለዉ። ሓደ ዓቢ ትምህርቲ ክኸውና ዝኽእል፡ ህዝቢ ጥልያን እዚ ናይ ሕጂ ክፉእ ኣደራዕ ወሪዱዎ ዘሎ፡ ኑቶም ብሞያውያን ጥዕና ዝወሃቡ ዝነበሩ መምርሒ፡ ካብ ፈለማ ስለ ዘይሰዓቦም እዩ። "ድሕሪ ማይ ናብ ብዕቲ" ከም ዝተባህለ ከኣ፡ ለብዒ ኮረና ምስ ኣስፋሕፊሐን ህይወት ዓሰርተታት ኣሸሓት ምስ ቀዘፈን ንምዕጋቱ ከቢድ ኩይኑዎ ኣሎ።

ቫይረስ ኮሮና፡ ብቕልጡፍ ዝላባዕ ዘሎ ሕማም ከም ምዃኑ፡ ናይ'ተን ካልኦት ሃገራት ዕጫ ከይበጽሓና ከሎ፡ ብጋናኡ ጥንቃቐ ምዝውታር ንድሕነትናን ውሕስነትናን ምዃኑ ክንፈልጦ ይግባእ። ኑብሲ-ወከፍ ሰብ ድማ፡ ድሕነቱ ባዕሉ ጥራይ እዩ ክሕሉ ዘለዎ።

ንኹሉ'ቲ ብሱብ ሞያ ጥዕና ዝወሃብና መምርሒን ማዕዳን እናተኸታተልና፡ ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ እንተ ዘይክኢልና፡ ንሱብሰና ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኑቶም ኣብ ከባቢና ዘለዉ ካልኦት ሰባት እውን ክንልክፎም ኢና።

ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ ሓደ ቦታ ምእካብ፡ ንቕልጡፍን ሰፊሕን ምልባዕ ስለ ዘቃልዕ፡ ምእንቲ ኑብስናን ኑብሲ ካልኦትን፡ ኣብ ኩሉ ጉዳያትና ርሕቀት ንሓሉ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ ምልባዕ'ቲ ሕማም ኣሉታዊ ተራ ክህልወና ስለ ዝኾኑ፡ ብንቕሓት ንከላኸሎ።

*ኃይትኦም የሴፍ*

## ህዝባዊ ቴለፎናት ኣቓልቦ ይግበረለን

ዳርጋ ኣብ ዝጠዘሓ ከተማታትና፡ ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝህባ ህዝባውያን ተሌፎናት ኣለዋ። እዘን ኣብ ኣጉዶሲ ዝበዝሑ ቦታታት ዘለዋ ተሌፎናት፡ ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ካብ'ተን ዝሰርሓ እተን ዘይሰርሓ ይበዝሓ። እዚ ከኣ ብሰንኪ ገለ ዘይግዱሳት ሰባት ዘርእዩዎ ሸለልትነት ኣጠቓቕማ ክኸውን ይኽእል እዩ ዝበል ግምት ኣሎኒ። ምኽንያቱ፡ ኤራቴል ኣብ'ዚ ቦታታት እዚ ክተኽለን እንከሎ ጥዑያት እየን ነይረን።

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ሰብ ቡቲ ካብ ቤት ጽሕፈት ኤራቴል ዝዕድግ ካርድ ንኽድውል ኣማዕደዩ ናብ ዝረኣየን ናይ ጎደና ተሌፎን ይኸይድ እሞ፡ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ኩይና ትጸንሖ። መሊሱ ናብ ካልእ ተሌፎን ይኸይድ፡ ኣብኡ እውን ተመሳሳሊ ኩነት ይጸንሖ። ተገልጋሊ ሰርሑ ከየሰለጠ፡ ኣደዳ ድኻምን ብኽነት ግዜን ገንዘብን ኩይኑ ይተርፍ። እዚ ኩነት፡ ኑቲ 'ፍጡንን ጽፉፍን ኣገልግሎት ንምምዋልና' ዝበል መምርሒ ኤራተል ክትንክፍ ይኽእል እዩ።

እዘን ተሌፎናት እዚኦተን፡ ንህዝቢ ዝህባኦ ረብሓ ልዑል ምዃኑ ብግብሪ ኣመስኪረን እየን። እቲ ዝጠዘሐ ህዝቢ ናይ ጎደና ተሌፎን ዝጥቀም ብምዃኑ ከኣ፡ ምብልሻው ናይ ጎደና ተሌፎናት፡ ንኽንደይ ዝኣክል ህዝቢ ይዕንቅፍ ከም ዘሎ ክንግምቶ ዘጸግም ኣይኮነን።

ስለ'ዚ ዝምልከቶ ኣካል ዝሰርሓሉ መንገዲ ክናዲ ኣዘኻኽር። ዘይሰርሓ እንተኾይነን ከኣ ካብ'ቲ ተተኺለናሉ ዘለዋ ቦታ ይተኣለያ። ምኽንያቱስ ቡቲ ሓደ ከም ዘለዋ ሓሲብና ንቕብጸን። ቡቲ ካልእ ድማ፡ ብኣኣተን ንኽንግልገል ዝደለ ጋሻ ካብ ኮለል ይድሕን።



*መምህር ሰናይ ካብ ዓዲ ሃሎ ተመሳሳሊ ደብዳበ ራሕማ ኑር ኣሕመድ ካብ ኣስመራ*

## ጽርግያ ባረንቱ - ሻምብቆ ጽገና የድልዮ ኣሎ



ካብ ጸባሕ ናጽነት ጀሚርና፡ ብርክት ዝበሉ ጽርግያታት ተሰሪሖምን ተጸጊኖምን እዮም። ክሳብ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ብምትኻር፡ ጽርግያታት ከምዝሰርሑ ተገይሩ እዩ። ዓድታት ምስ ከተማታትን ሓውሲ ከትማታትን ብቐሊሉ ከምዝራኸባ ኩይኑ። ብፍላይ ኣብ ገለ ከባቢታት፡ ይትረፍዶ መኪና ክትኣትዎስ፡ ብእግሪ ንኽትጉዓዝ'ውን ኣሸጋሪ ዝነበረ ሸለው ዝበለ ጸድፍን ገደልን ጽርግያ ተሰሪሑሉ፡ መካይን ክሽኮንድሩሉ ንርእየን ኣሎና።

ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን፡ ኣብ ኤርትራ መራኸቢ መስመር ጽርግያ ዘይብለን ዓድታት ዳርጋ የለዋን ክትብል ትደፍር። ብኡ መንጸር ከኣ ህዝቢ ካብን ናብን ብቐሊሉ ክመላለስ ካብ ንርእዮ ዓመታት ኣቝጺሩ ኣሎ። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ብእግርኻ ነዊሕን ሓደገኛን መንገዲ ምጉዓዝ ንዝንታ ኩይኑ ተሪፉ እዩ።

ጽርግያታት ሳላ ዝተሰርሓ፡ ህዝቢ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምርካብ ከምዝጠቐዐ ርኢናዮ ኢና። ጽርግያ ምስራሕን ምጽጋንን ድማ ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ረብሓታት ናይ ህዝቢ ምዃኑ ኣይከሓድን። ዝኾነ ይኹን ጽርግያ ሓንሳብ ሰርሒኻዮ ከይጸገንካዮ ንዝነት እሉት ክሉበር ከምዝይክኣል ርዱእ እዩ።

ሓደ ካብ'ቶም ተሰሪሖም ጽገና ከይተገብረሎም ነዊሕ ግዜ ዘቑጸሩ ድማ፡ መስመር ጽርግያ ባረንቱ - ሻምብቆ እዩ። እዚ ንብርክት ዝበላ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝርከባ ከተማታት፡ ሓውሲ ከተማታትን ምስ ርእሰከተማአን ዘኸውኖት ባረንቱ ዘራኽብ ጽርግያ እዩ። ብዐብኡ ከኣ ንዞባ ጋሽ ባርካ ምስ ዞባ ደቡብ ዘራኽብ ስትራተጅካዊ ጽርግያ ምዃኑ እዩ ዝፍለጥ።

ዝ ጽርግያ፡ ካብ ባረንቱ ተበጊሱ፡ ኣሸሸ፡ ከርካሽ፡ ተካናባ፡ ቢንቢና፡ ሻምብቆ ኣቢልና ናብ በዓል እሳላ ግርመ . . . ኢና እንሰግረሉ። እንተደሊና ከኣ ብሸኻ፡ ደንበዶራን፡ ሰንሰሕሉ፡ ሞልቀ ገደርና ናብ ማይድማ ደይብና፡ ምስ ዞባ ደቡብ ንጽንበር። ኣድላይነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ዝተረደኣ መንግስቲ ከኣ፡ ኑቲ ቅድሚ እዚ ምስርሑ ዝነበረ ሕሞቕ ጽርግያ ሓዲጉ ናብ'ዚ እዩ ኣቕኒዑ። እቲ ብጸማኑ ጸጋሙን ሸለው ዝበለ ጸድፊ ዘለዎ፡ ጸቢብን ተሪርን ዓቐበት ንነዊሕ ዓመታት ኣሳቕዩና እዩ። ህይወትናን ንብረትናን ኣብ ደንደስ ሓደጋ ኣቲና ከቢድና ሓቝፍና ኢና ንኸይድ ነይርና። ዝ ዝተረደኣ መንግስትና ከኣ መተካእታኡ ማስተርሆት ዝፈጥር ጽርግያ ሰሪሑልና። ንሱ ተሪፉ መተካእታኡ እዚ ገፊሕን ጥጡሕን ጽርግያ ተሰሪሑ። ንኹሉምሉ ዝመቸኦን ዝተዋሕሰን ጽርግያ ብውሑሉል መልክዕ ተሰሪሑ። ብዘይሰኽፍታ ህዝቢ ክጥቀመሉ ምጅማሩ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

ሕጂ ግና ተበላሽዩ እዩ ዘሎ። እዚ ጽርግያ ብርክት ብዝበሉ ጎቦታትን ኩጀታትን ዝተኸበ እዩ። ብጽኑ እዚ'ውን ብዙሓት ሩባታትን ሰናጭሮን እናበታተኸዎ እዮም ዝሓልፉ። ከም'ዚ ብምዃኑ ከኣ እዩ እቲ ዝወረዶ ጉድኣት ክኸብድ ክኢሉ። ብፍላይ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ'ቲ ከባቢ ብርቱዕ ዝናብ ስለዝዘነበ፡ ቀሊል ዘይኮነ ጉድኣት እዩ ወሪዱዎ ዘሎ። እቲ ብወሰወሰ ዝተጎድቀ መንደቕ ብውሕጅ ፈሪሱ። ማእከል ናይ'ቲ ጽርግያ ጎናጉዲ በዚሑሞ። እቲ መሕለፊ ውሕጅ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ከናሊታት ደብኡ መሊኡ።

ካብ'ቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ጎቦታት ዝንከራረዉ ኣእማንን ደናጉላን ኣብ ማእከል ጽርግያ ተረዲዮም ኣለዉ። ሎሚ ኣውቶብስ ይትረፍ፡ ንኣሽቱ መካይን'ውን ክሓልፋሉ ኣብ ዘይክእላ ደረጃ እዩ በጺሑ ዘሎ። ህዝቢ ዝጸዓና ዓበይትን ንኣሽቱን መካይን ኣብ'ዚ ቦታ እዚ ምስበጽሓ ኑቲ ሐዘንኦ ዝመጽኣ ህዝቢ ብእግሩ ክሓልፍ ብመራሕቲ መካይን ይሕበር ኣሎ። ብመሰረት ዝተዋህቦ ሓበሬታ ድማ ኑቲ ተበላሽዩ ዘሎ ጽርግያ ብእግሩ ክጉዓዝ ይግደድ ኣሎ።

ስለ'ዚ እዚ ጸገም እዚ ከምዘሎ ብምርዳእ ዝምልከቶ ኣካል ፍታሕ ክገብረሉ ርእይቶይ ኣቕርብ። ከም ናተይ ርእይቶ፡ ብጉልበት ሰብ'ውን ክጽገን ስለዝኽእል፡ ብማእቶታዊ ወፈራ እንተዝዕየ እብል። ብፍላይ ቅድሚ ክረምቲ ምምጽኡ እንተዝሽውን ከኣ ዝሓሸ ምኾነ።

*ዑስማን ማሕሙድ (ኣቡዓፋን) ካብ ባረንቱ*

# ማህደር ጀጋኑ

ሺሃብ ኣርኣያ

# ድራር ለይቲ



መሰፍን ተሰፋይ

ካልኣይ ክፋል

ንኹተማ ማይ ድማ ሰንጢቖም፡ ንምብራቕ ገጾም ንበረኻታት ለይቶ ተዓዝሩ። ለይቶ፡ ሓድሕድ ብዘተጠናንጉ ኣግራብን ኣብ ርእሲ ርእሲ ዝተደራረቡ ደናጉላን በዓትታትን ዘየረኣእን ጸዊዕካ ዘየሳምዕን ሃንደፍ ኢልካ ዘይእቶ ጸምጸም በረኻ እዩ። ሃንደበት ስለ ዝተበገሱ ዝሓዝዎ ስንቂ ይኹን ማይ ኣይነበረን። ንሰዓታት ተጓዒዞም፡ ቈልዑ ብጥምየት፡ ጽምእን ድኻምን ተሰኒፎም ወላእ በሉ። ኣበባ'ውን ኣሰላፉ ተመላሊጡ ኣቡቶም ቈልዑ ስለ ዝገደደት ሕረድ ቁረጽ ምስ ኮነ ኣብ ሓደ በዓቲ ኣጽለሉ። ማይ ይኹን መግቢ ስለ ዘይነበሮም ግን ብዘይካ ተጕልቢብካ ግምባው ምባል ዝረኸብዎ ረዲኤት ኣይነበረን። ብኽቱር ጥሜትን ድኻምን ተረኣኢኻ ትም-ሕትም ኰኑ። ኪዳን ብርሑቕ ንሰማይ ዝዓርግ ትኪ ተዓዚቡ፡ ማይን መግብን እንተ ረኸበ ደቁን በዓልቲ ቤቱን ኣብ ትሕቲ በዓቲ ገዲፉ ጕዕዞ ጀመረ። ብማዕዶ ቀረባ ኰይኑ ዝተሰመዖ ብልጭታ ሓዊ እናረሓቐ፡ ንሱ ድማ ከይተፈለጦ ካብ ስድራኡ እናረሓቐን እናተሰወረን ከደ።

ድሕሪ ቖሩብ፡ በቲ ኪዳን ዝኸደሉ ኣንፈት ቶግቶግ ዝብል ድምጺ ጠያይት ተሰምዐ። እቲ ተኹሲ መልሲ'ውን ነይሩዎ። ኣበባ ሰንቢዳ፡ ንደቃ ግን ክትነግሮም ኣይደለየትን። እትው ውጽእ እናበለት ንሰዓት ተጸበየት። ኪዳን ግን ቀልጢፉ ኣይተመልሰን። ደቃ ኣብ በዓቲ ኣደቂሳ ደሃይ ሰብኣያ ክትፈልጥ ተኹሲ ናብ ዝተሰምዓሉ ኣከባቢ ተንቀሳቐሰት። ዝኾነ ሓበሬታ ግን ኣይረኸበትን። ንሳ'ውን ከይተፈለጣ እናረሓቐትን ኣንፈታ እናሰሓተትን ከደት። ናብ ደቃ ክትምለስ ፈቲና፡ ቋሕ ኢልካ ሰማይ ድንን ኢልካ መሬት ኰይኑዋ ናብ ተብሎ ጠፍኣ። ከተዕርፍ ኣብ እግሪ ዒቢ ገረብ ኣብራኻ ሰበረት። ቀም ኣቢላ፡ ብኡ ኣቢላ ዓሚቝ ድቃስ ወሰዳ። ኪዳን በይኑ፡ ኣበባ በይና፡ ደቆም ኣብቲ ብዘይካ ድምጺ ኣዕዋፍን እንስሳታትን ተጻዋዊዕካ ዘይተሰማማዕሉ ጸምጸም በረኻ በይኖም፡ ተጣፍኡ። ድሕሪ ነዊሕ ኰለል፡ ኪዳን ማይን መግብን ሒዙ ናብ ደቁ ተመልሰ። ኣበባ ግን ምስ ደቃ ኣይጸንሓቶን። "ኣደኹምከ ናበይ ከይዳ?"

"እንድዒ!..." እቲ ዓቢ ወዶም ጉብረሂወት እዩ መሊሱ። ኪዳን ኣብ በረኽ ወጺኡ "ዎ.... ኣበባ! ...ዎ.....ኣበባ!" ደጋጊሙ ጸውዐ። ምስ ክልተ ጎቦ ዝተላተመ ድምጺ ነጐድጓዳዊ መቓልሕ ገይሩ ኑቲ ከባቢ ኣናወጾ። ኣበባ ትሓልም ዘላ ኰይኑ ተሰምዓ። ድሕሪ ብዙሕ ጻውዒት፡ "ኣብዚ ኣለኹ!" በለት ብትሑት ድምጺ። ክሰምዓ ግን ኣይከኣለን። ኪዳን፡ ንሱ'ውን ካብ ደቁ ከይጠፍእ ሰጊኡ ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ደይቡ ኑቲ ከባቢ ብዓይኑ ኰለሎ። ደቁ ዝነበሩዋ ጽላል፡ መሐበሪ ክጉብረላ ደለየ። እቲ ኣግራብን ቅርጺ መሬትን ግን ኵሉ ሓደ ኮና። ኪዳን ንደቁ ካብ ዘለዉዎ ከይንቀሳቐሱ ሓቢሩ ናብቲ ኣበባ ድምጺ ዝገበረትሉ ኣንፈት ኣምርሐ። ነዊሕ ኣይተጓዕዘን ድምጺ ዝሰምዑ ማናቲሉ፡ ወኻሩ፡ ኣዕዋፍ ካብ ሰፈሮም ወጺኦም ጣሕሸምሽም በሉ። ናይ ደቀቕቲ ኣራዊት ብዙሕ ኣይመሸገረን፡ ክልተ ኣዛብእ ግን ካብ በዓቲ ወጺኦም ደቂ ኣዕረፎሙሉ ናብ ዝነበሩ በዓቲ ኣምርሑ። ኪዳን ኑቶም ኣዛብእ ካብቲ ከባቢ ተኩሱ ከርሒቖም መደበ። እንተኾነ ኑቶም ኣዛብእ ንምርሓቕ ዝግበር ተኹሲ ዝያዳ በላዒ ዝጽውዕ ከይከውን ሰግኣ። ዝሓሰቦ ኣቋሪጹ ናብ ደቂ ተመልሰ። ካብ ቦታኦም ዝወጹ ኣዛብእ ጥልዕ እናበሉ ንደቁ ንየማን ጎስዮሞም ሓለፉ። ኪዳን ኣብ መዋጥር ኣተወ። ምስ ደቂ ኮፍ እንተ ኢሉ ኣበባ ብጽምእን ጥምየትን ንበይና ክትመውት እያ። ናብ ኣበባ እንተ ኸይዱ ደቂ ድራር ኣዛብእ ክኾኑ እዮም። "በዚ እንተ ኼድኩም መርዓት ትሞተኩም፡ በዚ እንተ ሓለፍኩም መርዓዊ ይጸድፈኩም!" ኰይኑዎ ዝጉብሮ ጠፍኦ። እንደገና ኣብ ገረብ ደይቡ፡ "ዎ...ኣበባ....ዎ...ኣበባ!" ኢሉ ጸውዐ። ኪዳን ተጋዳላይ ኰይኑ ኣብ ክንደይ ዝሑልን ወዑይን ኣትዩ ዘይተዳህለ፡ ጫካታት ለይቶ ግን ድሂሎሞ። ኣበባ ብትሑት ድምጺ ኣብዚ ኣለኹ መለሰት። ኪዳን ብሰላሕታ ኣብ ጥቓኣ በጽሐ። ካብ ብራኾኡ ማይ ኣምዒጉ ንእሽቶ እንጌራ ለኽመስ ኩተብል ሓተታ። እንተኾነ ጎረሮ ደሪቑ ምውራድ ከልኣ። ብጥሜትን ብድኻምን ምኻድ ስኣነት። ኪዳን ሓዚሉ ሓያሎ ዓቐበ ቁልቁለት ኣውረዳ። ኣበባ ኩተብርዮ ንመሬት ወረደት። እንተኾነ ኣሰላፉ ማይ ምዒጉ ፍሕት ምባል ከልኣ። "ኣታ... ቡብመዓልትና ዝተወለድናስ ብሓደ መዓልቲ ኩተጥፋኣና!" ኣማረራ... ኮርነፍ ኢላ ኮረየት። ስድራቤት ኪዳን ክሳብ ቁስላ ተሕዊ ካብ ሓደ በዓቲ ናብ ካልእ በዓቲ እናቐያየረት ኣብ ለይቶ ንሳልስቲ ጸንሐት።

ተኹሲ፡ ኣብ መንጎ ንኣበባ ምስ ደቃ ኣሲሮም ከምጽኡ ብመንግስቲ ንደረህላሰ ዝተላእኩ ኮማንድስን ኣብ መንጎ ንኪዳን ዝጽበዩ ዝነበሩ ተጋደልትን እዩ ነይሩ። ኣብቲ ዝተኻየደ ምልውዋጥ ተኹሲ፡ ኮማንድስ ክልተ ምዉታት ገዲፎም ንዓረዛ ክምለሱ ከለዉ፡ ተጋደልቲ ከኣ ሓደ ውጉእ ስለ ዝነበሮም ንባርካ ገጾም ኣንሳሒቦም። ስድራቤት ኪዳን፡ ካብ ሓደ ስንጭሮ ናብ ካልእ ምዉት መሬት እናተጓዕዘት ኑቲ ብጥሜትን ጽምኢን ዝተፈራረቖ ጕዕዞ ሰጊራ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ከሰላ ኣተወት።

ብሰንኪ ኣብ ውሽጢ ተጋድሎ ሓርነት ዝተፈጥረ ሕንፍሽፍሽ ኣብ ከሰላ ዕገርግር እዩ ጸኒሑዎም። ኪዳን ኣብ ክንዲ ምስ ደቀይ ካብ መዓት ወጺአ ኣብ ውሑስ ቦታ ኣትየ ዝብል፡ ኣብ ዓሚቝ ሓዘንን ምስትንታንን ኣተወ። ኣበባ፡ "ዓዲ ሰብ ኣቲና እናበልና እንታይ ደዩ ተረኺቡ?" ንበዓል ቤታ ሓተተቶ። ኑቲ ውጡር ወተሃደራዊ ኩነታት ንበዓልቲ ቤቱ ክነግራ ኣይደለየን። ኪዳን ቀሲኑ ከየዕረፈ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ንደቁን በዓልቲ ቤቱን ኣብ ግንባሮም ሰዒሙ ንሜዳ ተመልሰ።

ኣዋርሕ ሓሊፉ ናብ ዓመት ተሰጋገረ። ኪዳን ግን ኣብዚኣ ኣለኹ ዝብል ደሃይ ከይሰደደ ተረፈ። ኣብ ከባቢኣ ዝነበራ ኣንስትን ኣደታትን ተጋደልቲ፡ ደሃይ ደቀንን ሰብኡተንን ክረኽባ፡ ደሃይ ኪዳን ግን እናተሰወረ ከደ። ኣበባ፡ ካብ ሜዳ ንዝመጹ ተጋደልቲ ደሃይ በዓል ቤታ እንተ ሓተተት ተጋራጫዊ ሓበሬታ ክትሰምዕ ጀመረት። ሓደ ኣብ ከበሳ ገዲፈዮ ክብላ ጸኒሑ፡ ካልእ ሕጂ ኣብ ገረግር ኣስመራ ምሳይ ነይሩ ይብል። ገለ ንኪዳን ብቐረባ ዝፈልጥዎ ከኣ ንኣበባ ርእዮም ክሕብኡ፡ ገለ ድማ ገጾም ክቀያየርን ወልደፍደፍ ክብሉን ጀመሩ። በቲ ዝተፈላለየ ኣበሃህላን ትዕዝብትን ኣይቀሰነትን፣ ድቃስ ከኣ ሰኣነት።

ኣበባ ካብ ሜዳ ርሒቕካ ምንባር ደስ ኣይበላን። "ኪዳን ኣብ ከሰላ ክገድፈኒ ከሎ፡ "ዋላ'ኳ በዓል ኪዳንኪ እንተኾንኩ፡ ንኹሉ ክፋእን ጸቡቕን ክትቅበሊ ድልውቲ ኩኒ። ካብ ሎሚ ንደሓር ሃገር እያ በዓልቲ ኪዳንኪ" ኢሉኒ እዩ። በዚ ኪዳን ሃገር ተሰኪምኩም ትጉብሩልና ዘለኹም የቐንየልና። ካብ ሎሚ ንደሓር ምስ ደቀይ ንሜዳ መጺአ ኣሰር በዓልቤተይ ክኽተል'የ....!" ናብ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ደብዳበ ለኣኸት። ቅልጡፍ መልሲ ተዋሂቡዋ ከኣ ኣብ መጀመርያ 1976 ንጸሓይን ደሮናን (ካሚሰን) ከሰላ ንድሕሪኣ ገዲፋ ንሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ንፋሕ ኣተወት። ብዘይካ እታ ንእሽቶ መብራት ከኣ፣ ጉብረሂወት፡ ዝማም፡ ብርሃነ ክመሃሩ ንቤት ትምህርቲ ሰውራ ንዜሮ ተላእኩ።

ኣብ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ዝጸንሓኣ ዘውዲ ሃይለን ኣልማዝ ሃይለን ዝተባህላ ክልተ ምቕሉላት ተጋደልቲ ንዓኣን ንጓላን ጽቡቕ ገይረን ተኸናኺናኣን። መብራት፡ ህጻን ስለ ዝነበረት ክትብልዕ ክትሰቲ ጥራይ እንተዘይኮይና ምስ ኣባላት መሪሕነት እያ ተኹቲታ። ግዜ ክረኽቡ ከለዉ ይሕንግሩዋ፡ የዛውሩዋ። ጋሻ ሰበይቲ የለን ከም ዝበሃል ከኣ ኣበባ'ውን ቀልጢፋ ኣብቲ መነባብሮ ተወሃሃደት። ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኣብ ጽዑቕ ስራሕን ኣኼባታትን ክጽመዱ ከለዉን በዓል ዘውዲ'ውን ስራሕ ክበዝሖን እንክሎ ምግብና ናተይ ኢላ ተተሓሓዘቶ።

ሓደ መዓልቲ፡ ሽሪፋ ካብ ሓለዋ ሰውራ ብስራሕ ንፋሕ መጸት። ንኪዳን ጉብዝ ከኣ ጽቡቕ ገይራ እያ ትፈልጦ ነይራ። እናኣዕለላ ከለዋ ከኣ፡ "ኪዳን ጉብዝ ሓደ ካብቶም ኣነ ክሰዋእ ንሰኻ ጽናሕ...! ኣነ ክጠሚ ንሰኻ ጽገብ! ኣነ ክጸምእ ንሰኻ ርወ! ዝብል ኣበሃህላ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ዘስረጸን ብግብሪ ዝተርጐመን ጅግና እዩ። እዛ ንቃለሰላ ሃገር ንዓሕረዎት ወለዶ ስለ ዝኾነት ንሕና ክንቕድም እዩ ዝብል። ኣብ መናጁስ ዝነበሮ ሓልዮትን ኣኽብሮትን እሞ ከኣ መወዳእታ የብሉን" በለት። ኣበባ ዘረባ ክትውስኽ ደልያ'ኳ እንተ ነበረት፡ ዘውዲ ግን ብዓይና ተጠንቀቓ ነይራ። ሽሪፋ ግን ኮነ ኢላ ዘልዓለቶ እያ ትመስል። "ሰምዒንዶ ኣበባ... ኪዳን ጉብዝ መዓስ ተሰሊፉ?" ካብ ዝመጸኪ'ኸ ክንደይ ገይሩ?" ሓተተታ።

"እሂ እንታይዶ ሰሚዕኪ ኢኺ?" ኣበባ ቁጥዕ በለት።

ዘውዲ ንሽሪፋ ብገጻ ክትግንሓ'ኳ እንተ ፈተነት ሽሪፋ ግን ነታ ሓሳብ ስለ ዘበገሰታ፣ "ዘይኩልና ተጋደልቲ ኢና! ኢለ እየ። ደሓር ከኣ ዘይኮሉ ናብ መስዋእቲ'ዩ" ወሰኸት። ኣናፍራ ቀቓሕ ዘይፈልጥ ኣይሃዳናይን፣ ኣበባ ቀብ ኣበለታ። ኣወል ክትቅዳሕ ዝተቐረበት ቡን ገዲፋ ናብ መደቀሲኣ ኣምርሐት። ክዑው ኣይሕፈስ ክዉን ኣይምለስ'ኳ እንተኾነ፣ ዘውዲ ንሽሪፋ ግንሓታ። ዘውድን ኣልማዝን ደድሕሪ ኣበባ ንመደቀሲ ኣትየን ዝግባእ ምጽንናዕ ገበራላ። ኣበባ ግን ኩዳና ተዓጢቓ ኣይ...ኣይ...'ኳ እንተ ዘይበለት ኮቦርታ ተሸፊና ክትንኽነኽ ሓደረት።

ይቕጽል

# ንእፍልጦ

ጆሜ/ ደጆን ተኸለ

## ጽምብል ሻሂ

ጃፓናውያን ንኣሰታትያ ሻሂ ዝምልከት ጸንዕ ባህላዊ ሕጊ'ዩ ዘለዎም። ኣብ'ታ ሃገር ሻሂ ንኽስተ ተባሂሉ ጥራይ ዝዳሎ ዘይኮነስ፡ ብጥንቃቐን ሓያሎ ኣገባብትን ማስርሓትን ተኸቲሎም'ዩ ዝፈልሕን ንማስተ ድሉው ዝኸውንን።

እዚ ሎሚ ጃፓናውያን ዝኽተልዎ ስርዓት ኣፈላልሓን ኣሰታትያን ሻሂ፡ ካብ 1400'ታት ንደሓር ዝማዕበለ እዩ። ምፍላሕን ምስታይን ሻሂ ዘይቅዮር ጸንዕ ባህላዊ ሕጊ ተኣታትዩ። ሓደ ካብቲ ሕግታት፡ 'ሻሂ፡ ኣቑሑ ኣብ ዘይብሉ ናጻን ንጹሑን ገዛ ክቐርበሉ ኣለዎ' ዝብል'ዩ። ኣብቲ ሻሂ ዝቐርበሉ ክፍሊ ክህልዉ ዘለዎም ኣቑሑ መትሓዚ ማይ፡ ዕምባባታትን ኒቲ ገዛ ንኸጸብብቑ ዝተሰቕሉ መናጸፍን ጥራይ'ዮም። ንኣቀራርባ ሻሂን መስተዮኡን ንኣገባብ ኣሰታትዩኡን ካልእን ዝምልከት'ውን ብዘርታ ኣሰራርሓ'ዩ ዘለዎ።

እቲ ሻሂ ሰብን ኣጋይሽን ኩሎም ብኣገባብ'የም ኣብቲ ጽምብል ሻሂ ዝሳተፉ። ኣብ ጃፓን እቲ ሻሂ ዝጋበዝ ሰብ፡ ኣዝዩ ክቡር ጋሻ ክኸውን ኣለዎ።

እቲ ሻሂ ዘፍልሐ ሰብ፡ ብጥንቃቐ ንማስተዩ ሻሂ እተኸውን ሓንቲ በኽሪ ኣብ ቅድሚ'ቶም ኣጋይሽ የቐምጥ። ኒቲ ሻሂ ምስ ቀድሐ ድማ፡ እቶም ኣጋይሽ ነታ በኽሪ ብጸጋማይ ኢዶም ክሕዝዋ'ዩ ዘፍቅድ። ኒቲ ሻሂ ዘፍልሐ ሰብ ምስ ኣማስገንዎ ድማ፡ እቲ ፈለማ ነታ በኽሪ ዘልዓለ ሰብ ሓንሳብ ወይ ክልተ ግዜ 'ፊት ...' እናበለ፡ ክሰብ ናብቲ ተቐባሊ ጋሻ እትምለስ፡ እቲ ኣገባብ ብኸምኡ ይቕጽል፡ ኣብዚ ሓደ ሰብ ምስ መግጊ፡ ንወሰናይ ሜፍ ናይ'ታ በኽሪ ብወረቐት ደሪዙ'ዩ ኒቲ ብጸዩ ጋሻ ክህቦ ዘለዎ።

እቲ ስርዓት ኣሰታትያ ሻሂ ምስ ተወድአ፡ ናወቲ ሻሂ ብስርዓት ይእከብ፡ ሽዑ ኣጋይሽ ኑሓድሕዶም እናተመያየጡ ኒቲ ኣኣንጋዲ ክምጉስዎ ይጀምሩ። ጃፓናውያን፡ ሻሂ ምስታይ ጥራይ ዘይኮነ፡ በዝም ስዒቡም ዝጥቀሱ ኣርባዕተ ነጥብታት መንፈሳዊ ዕግበት ከም ዝስምዖም'የም ዝዘርቡ። እቲ ቀዳማይ ወህደት'ዩ። 'ኩሉ'ቲ ኣብቲ ስርዓት ዝሳተፍ ኣቕሑ ይኹን ሰብ፡ ብወህደት'ዩ ኒቲ ኣገባብ ዝትግበር' ዝብል እምነት ኣለዎም።

እቲ ካልኣይ ኣኽብሮት'ዩ። እቲ ስርዓት ኑየም ኣጋይሽ በቲ ተቐባሊ ጋሻ ድማ ብዩም ኣጋይሽ ከም ዝኽበሩ ይገብር።

እቲ ሳልሳይ ንጽህና'ዩ። 'ኣብቲ ስርዓት ሻሂ ሓንጎል ነፍሲ-ወከፍ ተሳታፊ፡ ኣኣንጋዲት ይኹን ጋሻ ንጹህ'ዩ ዝኸውን' ኢሎም ይኣምኑ።

እቲ ራብዓይ ድማ 'ህድኣት'ዩ' ዝብል'ዩ። ብኣበሃህላ ጃፓናውያን፡ እቲ ጽምብል ምስ ተዛዘመ ኩሉ ተሳታፊ ኣብ ልዕሊ ነፍሱን ተፈጥሮን ሰላማዊ ይኸውን።

ካብዘን ኣርባዕተ ሓንቲ ምስ ዘይትማላእ ግን እቲ ጽምብል ዕወት ኣይኸውንን።

## ንኣፍልጦ



'ኢደልዌይስ' ዝተባህለ ኣብ በረኽቲ እምባታት ዝበቁል ዓይነት ተኽሊ፡ ኒቲ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ዛሕሊ፡ ጠጥ መሳሊ ጸጉሪ ብምስራሕ፡ ንኣቑጽልቱን ዕንባባታቱን እናሸፈነ ይከላኸል።

## ኣየገርምንዶ?

ኣብ 1997 መርበብ ሓበሬታ 'ብሪቲሽ መዲካል ጆርናል' ሓንቲ 'ኢሬቢ' ብዝምባል ኣሕጺሩ ዝገለጻ ሰበይቲ፡ ብናይ ኣውደኣመት ዕረፍቲ ኣብ ሓደ ቦታ



እናተዘናግዐት እንከላ፡ ኣብ ውሽጢ ኣእምሮኣ ክልተ ዝተፈላለየ ድምጺ፡ ካብቲ ዝበረቶ መዘናግዒ ቦታ ብቕጽበት ንገዝኣ ክትምለስ ሕሹኽ ከም ዝበላ ብምትንታን ይጀምር። እቲ ጽሑፍ ትንታኔኡ ብምቕጻል፡ እታ ሰበይቲ ብመሰረት'ቲ ዝቐረበላ ጻውዒት ንገዝኣ ምስ ተመልሰት እንደገና እቲ ኣቓዲማ ዝሰምዓቶ ድምጺ፡ ናይ ሓደ ዘይትፈልጦ ቦታ ኣድራሻ ብምሃብ ናብኡ ክትከይድ ይምዕዳ።

ኢሬቢ ብቕልጡፍ ኒቲ ኣድራሻ ኣብ ጭራም ወረቐት ጽሒፉ ናብቲ ቦታ ተበገሰት። እቲ ዝተዋህበቶ ኣድራሻ፡ ናይ ኣእምሮ መርመራ 'ስካን' ዝግበረሉ ሆስፒታል ኮይኑ ጸንሐ። ቀጺሉ እቲ ፍሉይ ድምጺ ናይ ሓንጎል ፍሉይ መርመራ ክገብሩላ ኑየም ሓኪይም ክትሓትዮም ሕሹኽ በላ። ኢሬቢ ዝተባህሉቶ ገበረት። ሓኪይም 'ስካን' ምስ ገበሩላ ድማ መንሽሮ ሓንጎል ከም ዘለዋ ኣረጋገጹ። ዋላ'ኳ ንኸምኡ ዘእንፍት ምልክት እንተ ዘይነበራ፡ ሰር ሓንጎላ ግን በቲ መንሽሮ ተሃሲዩ ጸኒሑ፡ እቶም ሓኪይም ተቐላጢፎም መብጥሕቲ ኣካየዱላ።

ድሕሪ'ቲ ዕውት መብጥሕቲ እቲ ድምጺ፡ 'ክንሕግዘኪ ብምኽኣልና ሕጉሳት ኢና። ደሓን ኩኒ' ኢሉዋ ተሰወረ። ኢሬቢ ድማ ካብቲ ሓሚማቶ ዝነበረት ሕማም ምሉእ ብምሉእ ሓወየት።


## ደብዳበ ፍቕሪ

### ካብ ልቢ ተጣዒሰ እየ

ሰበይ፡ ልቢ ዝልበይ እናፈለጥኩ ኣብ ጌጋ መንገዲ ጠንቀላዕላዕ'ኳ እንተ በልኩ፡ ሎምስ ኩሉ ነገር በሪሁለይ ዝሞተ መንፈሰይ ካብ በደል ክሐጽህ ብሂጉ ኣሎ። በደል ኣብ ርእሲ በደል'ኳ እንተ ደራረብኩ፡ በዚ ዘለኽዎ መንገዲ ክቕጽል ግን ሕልናይ ኣይመረጸን።

ኣብ ልብታትና ብዝተዘርኣ ባህታ ዝመልኦ ፍቕሪ ኣመኽንየ፡ ኒቲ ቅኑዕን ንጹህን ልብኺ ብዓይኒ ረብሓ ጠሚተ፡ ኣብ ክንዲ ንመጻኢ ንግዚያዊ ረብሓ ብምሕሳብ፡ ኣብ ዘየንብር ክፉእ መጻወድያ ጸሚደኪ። እልቢ ዘይብሎም ምኽንያታትን ጸገማትን እናፈጠርኩ፡ ኣብ ዓንኬል እቲ ዝመርሖ ክፍኣት ንኽትኾድዲ ፈሪደኪ።

ግዜ ዘየውጽኦ ምስጢር ስለ ዘየለ ግን፡ እቲ ብኽፉእ ዝጉዓዝ ዝነበርኩ መንገዲ ክትፈልጥዮን ሓቅነቱ ከተረጋግጽን ኣይተጸገምክን። እቲ ኣብ ቅድሚ ዓይንኺ ዝረኣኽዮ እከይ ተግባራተይ ካብ ልቢ ከም ዘጉሃየክን ዝርንዛሕ ከም ዝኾባዕክን ዝኽሕዶ ኣይኮንክን።



ፈቃር ልብኺ ኣብ ታኼላ ክፉኣት ክሕንበስ ከም ዝጸንሐ ንኽተስተብህልን ክትፈልጥን ኣይተጸገምክን። እዚ ዘሰንበድ ተርእዮ ንይቕረታይ ክትቅበልን ምሕረት ንኽትገብርለይን ኣየኽኣለክን። ግደ ሓቂ ኣይተጋገኽን። እንተኾነ፡ ካብ ቂም ዝርከብ ረብሓ ስለ ዘየለ ይቕረ ብምብሃል ንልብታትና ካብ ሕርቃን ኣውጺእና ሩፍታ ክንፈጥረለን'የ ዝምሕጸነኪ።

ንዘይትብደል ልቢ ስለ ዝበደልኩ ቅሳነት ዝበሃል ተሓሪሙኒ፡ ኣዒንተይ ሰለም ኩብላ ኣይክኣላን ዘለዋ። ጽቡቕ ተግባራትክን ሓልዮትክን እናሻዕ ኣብ ሓሳበይ እናተመላለሰ ንመንፈሰይ ሰላም ከሊእዎ ኣሎ። ቅንዕቲ ልብኺ ምብዳለይ ዝተሰምዓኒ ጓሂ ክጸሮ ስለ ዘይከኣልኩ፡ ካብ ልቢ ተጣዒሰየ'ሞ፡ ይቕረ ግበርለይ፡ ጽልኢ ክሳራ'ምበር፡ መኽሰብ ስለ ዘይብሉ።


### ናይ ትኹል ቃላት

ትዋሕ
ካልእ
ክህን
ካትራመ
ናትና
ሳሙና
ካቲም
ዳጋ
ካራት
ዝሉል
እሙን
መን

### ናይ ጋድም ቃላት

ካልእ
ዋዛ
ካዝና
ራዕዲ
ካናቴራ
እዝና
ካራት
ጋዛ
ሙቐት
ምሳሕ
ትሕቲ
ንመን
ስመ

## ሕቶ እተመሳቐለ ቃላት ስርሑ




መም ያቆብ መርሃዊ (ዳክ)

## መርከብ ውግእ ሁድ



ኣብ 1916 ኣብ ጁትላንድ ኣብ ዝተገብረ ውግእ፡ ብሪጣንያ ሰለስተ መራኽብ ውግእ ስለ ዝኸሰረት፡ መርከብ ውግእ ሁድ ክትሰርሓ ግድን ኮይኑ። 'ኤች. ኤም. ኤስ. ሁድ' ዝተሰምየት ዓባይ መርከብ ውግእ ብሪጣንያ፡ ኣብ 1920 ምሉእ ብምሉእ ተዛዚማ ንስራሕ ድልውቲ ብምዃና ናይ ፈለማ ጉዕዞኣ ኣብ ስካንዲኔቭያን ኣቐኒዓ። እዛ 42,100 ቶን ክብደት ዝነበራ ብዙርያኣ ከበድቲ ኣጽዋር እትዓጥቕ መርከብ፡ ኣብ ስኮትላንድ'ያ ተሰሪሓ። ክሳብ 1941 ከኣ ኣብ ዓለም እታ ዝዓበየት መርከብ ውግእ ነይራ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ሁድ ኣብ ማያት ኤውሮጳ ብእትገብሮ ዝነበረት ምንቅስቓስ ንብሪጣንያውያን ሓበንን ኩርዓትን ኮይና'ያ። ድሕሪ ሓደ ዓመት፡ ናብ ጅብራልታርን ሰጳኛን ከምኡ'ውን ኣብ 1932 ናብ ብራዚል ምዕራብ ኢንዶቻይናን በጺሓ። ኣብ 1923 ድማ 'ሪፓልስ' ዝተሰምየት መጠኛ መርከብ ውግእ ተሰንያ፡ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት፡ ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ሮያል ተሰሊፋ። ሰንደቕ ዓላማ ብሪጣንያ ብምዝርጋሕ፡ ኣብቲ ናይ ሰጳኛ ህዝባዊ ናዕቢ ጥቕሚ ሃገራ ኣብ ምሕላው ዓቢ ኣበርክቶ ገይራ። ኣብ መፋርቕ 1939፡ 2ይ ኩናት ዓለም ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ መርከብ ውግእ ሁድ ኣብ ሰሜናዊ ኣትላንቲክ ውቅያኖስ እንከላ፡ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ስለ ዘጋጠማ መጠኛ ጉድኣት ወሪዱዋ። ድሕሪ ዝተገበረላ ጽገና፡ መርከብ ሁድ፡ ምንቅስቓስ መራኽብ ናዚ ንምቁጽጻር ኣብ ሰሜናዊ ባሕርን ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስን ኣብ ሓለዋ ተጸምደት።

ኣብ 1941 ከኣ 'ቢዝማርክ' ምስ ዝተባህለት መርከብ ውግእ ጀርመን ገጠመት። ካብ 'ቢዝማርክ' ዝተተኩሰ ቦምባ ማእከል ኣካላት መርከብ ሁድ በሲዑ ብምእታው ድማ ባርዕ ፈጠረ። ኣብ ውሽጢ ሓጺር ሰዓታት ድማ መርከብ ሁድ ኣብ ክልተ ተገሚዓ ሰጠመት።

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ጓልን ጎልን

ሙሴ ብርሃን

ፈለማ . . . ሰብ ካብ ጓል ይውለድ። ዋላ እኳ ናይ ሰብኣይን ሰበይቲን ውጽኢት እንተኾነ፡ ስፍራኡ ንሳ እያ። ፈጣሪ ኣብ ማህጸና ንዘንበረላ ፍጥረት ብመንገዲ ዕትብቲ ኣቢላ ቀለብ ትልእከሉ። መዓልቲ ምሕራሳ ክሳብ ዝኣክል ተእኽሎ። ምስ ተወልደ እውን ኣካላዊን ስነልቦናዊን ብቕዓቱ ኣብ ምምዕባል ኣዝዩ ልዑል ዝኾነ ተራ ኣለዋ። እቲ ቐልዓ ዝሰነቖ ሒዙ ናይ ህይወት ሽቶኡ ኢሉ ዝሓሰቦ ንኽከናውን ይልዓል። ኣብዚ ከይተላዕለ ክተርፍ ዘይብሉ ናይ ዘመናት ክትዕ ኣሎ። እዚ ክትዕ Nature vs. Nurture ‘ተፈጥሮ ዶ ኣተዓባብያ፧’ ዝብል እዩ። ኣብ’ዚ ክትዕ ናይ ሰብ ባህሪ ዝውሰን ብተወርሶ ካብ ዝመጽኦ ሓበሬታ (Gene) እዩ ዝብል ብሓደ ወገን ኣሎ። በቲ ካልእ ወገን ከኣ ናይ ሰብ ባህሪ ዝውሰን ብዝረኽቦ ኣተዓባብያ ወይ ኣተኣላልያ እዩ ዝብል እዩ። በዚ ተባህለ በቲ ግን ናይ ኣደ ጽልዋ ኣብ ልዕሊ ውላዳ ኣመና ጉሉሕ እዩ። ምኽንያቱ ኣደ ኣብ ተፈጥሮን ኣብ ምዕባይን ኣላ። ስለዚ እቲ ዝተወልደ ቆልዓ ንመጻኢ ዝሓሰቦ ቅርጺ ናይ ህይወትን ዓወትን በታ ጓል(ኣደ) ዝህልዋ ጽልዋ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። እዚ እቲ ናይ መጀመርታ ጓልን ጎልን እዩ።

ጸኒሑ . . . ሰብ ምስ ተማህረን ምስ ተመራመረን፡ ምስ ሰርሐን ምስ ቋጸረን ጓል ምንዳዩ ዘይተርፍ እዩ። ናይ ዝምድና ሽውሃቱ ዝኽፈተሉ ዕድመ ስለዝበጽሕ ዝሓሸ ናይ ፍቕሪ መኣዲ ዘለዎ ናብራ ይሓስብ። እዚ መድረኽ እቲ ወዲ ዝበለጸ ዝብሎ ናይ ህይወት ሸቶ ሒዙ ዝለዓለሉ እዩ። ክሳብ ሽዑ ዝተመሃሮ፡ ዝተመኮሮ፡ ዝሓለሞን ዝዓለሞን ኣብ ሸቶ ንምብጻሕ ምህላው እታ ጓል ኣዝዩ ልዑል ግደ ከም ዘለዎ ስለዝሓስብ እዩ ዘናድያ። ተፈጥሮ እውን ብዘይ ብኣኣ ዝጎድሎ ነገራት ብዙሓት ክኾኑ ከም ዝኽእሉ እናኣለበሞ ስለዝመጽእ እዩ።“ኣብ ድሕሪ ነፍሲ-ወከፍ ንፉዕ ሰብኣይ ሓንቲ ንፍዕቲ ሰበይቲ ኣላ. . .” ከም ዝብልዎ እዩ። ‘ድሕሪኡ’ ንምፍጣር ወይ ንምግሃድ ዝገብሮ ስራሕ እዩ እንተተባሂሉ ልክዕ እዩ። እዚ እቲ ወዲ ኣብ ህይወቱ ካልኣይ ግዜ ዘካይዶ ካብ ጓል ናብ ጎል ዝበሃል ጉዕዞ እዩ።

ካብዚ እንታይ ንመሃር? ሓደ ግዜ ምስ ሓደ ሰብ የዕሊለ። ነዊሕ እዋን ዝገበረ ኣፈ-ታሪኽ እየ ዝነግሮ ነይረ። ኣብ መወዳእታ “ካብዚ ታሪኽ እንታይ ንምሃር?” እንተበልክዎ “እዛ ታሪኽ እኳ ቅድሚ ሕጂ ሰሚዐያ ነይረ እየ። እቲ ኣድጊ ዘይኮነ እቲ በጊዕ ንቕድም ዝመውት እዩ ዝመስለኒ ነይሩ።” ኢሉኒ። እቲ ታሪኽ ካብ ኣድጊን በጊዕን ኣውጺኡ ናብ ህይወትን ናብራን ኣይወሰዶን ነይሩ ማለት እዩ። እንተዘይኮነ ናይ ኣባጊዕን ኣእዱግን ታሪኽ ብምእካብ ‘ናሽናል ጂኦግራፊ’ ንኽስተማቕር ኢለ የዕልሎ ኣይነበርኩን። ንምዃኑ ካብዚ እንታይ ኢና ንመሃር?

ምህሮ. . .

“ጎል” ዝብል ቃል ብዙሕ ሰብ ዝፈልጦ እዩ። እቲ ፍልጠት እንግሊዝኛ ካብ ምጽናዕ ዝተላዕለ ዲዩ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ፕሪሚር-ሊግ እንግሊዝ ብብዝሒ ካብ ምምልካት? ርግጸኛ ኣይኮንኩን። ናይ መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ነዚ ጎል(goal) ዝብል ቃል ክፈትሖ እንከሎ “ሸቶ፡ ዕላማ፡ ማዕጾ ናይ ኩዕሶ” እናበለ እዩ ዝኸይድ። ዝኾነ ኮይኑ ጋንታኻ ወይ እትድግፋ ጋንታ ጎል ከተመዝግብ ጽቡቕ እዩ። ኣብ ህይወት ጎል ክህልወካ ከኣ ኣገዳሲ እዩ። ጓል ክትህልወካ እውን ኣመና ጽቡቕ እዩ። ዝያዳ ጽባቐ ዝርከብ ከኣ ጓልን ጎልን ምስ ዝተኣሳሰራ እዩ። መብርሂ . . .

ጓልን ጎልን - 1

ናይ ምዕባይ ስነ-ልቦና (Developmental Psychology) ዘጽንዑ ብዙሓት ተመራመርቲ ከምዝገልጽዎ ናይ ኣደን ውሉዳን ዝምድና ካብ ቅድሚ ወሊድ ከም ዝጅምር እዩ። እታ ኣደ ኣብቲ ግዜ እቲ እትወስዶ መግቢ፣ እትገብሮ ምንቅስቓሳት፣ እትለብሶ ኣልባሳትን ካልእን ኣብ ዕቤት እቲ ቖልዓ ፋይዳ ኣለዎ። ነታ ኣደ ዘጋጥማ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ተመኩሮ እውን ምስ ስነኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ዕቤት እቲ ቆልዓ ምትእስሳር ኣለዎ። ብዙሕ ግዜ ዝንገር ጥንስቲ ወይ ነብሰጾር ምክንኻን ዝብል ናይ ሰብ ሞያ ጥዕና ማዕዳ እውን፡ ኣብ ውሽጢ እታ ኣደ ዝዓኩኽ ዘሎ ሰብ ስለዘሎ እዩ። እዚ ሰብ እዚ ከኣ ናይ መጻኢ ህዝቢ እዩ። ዝሓሸ ህዝቢ ንምፍጣር እምበኣር ኣብ ኣካላዊ፡ ልቦናዊን ኣእምሮኣዊን ጥዕና



ኣደ ንዝግበር ጥንቃቐን ክንክንን ኩሉ ሕብረተሰብ ክሳተፎ ዘለዎ ምኳኑ ምንጋር ዘየድልዮ እዩ። ጥዑይ ኣካል፡ ልቦናን ኣእምሮን ዘለዎ ዜጋ ምፍራይ ድሕሪ ምውላድ እውን ዝጠልቦ ጠለብ ስለዘሎ ከኣ ከምኡ ኢሉ እናቐጸለ ዝኸይድ ምኳኑ ግድን ክረጋገጽ ዘለዎ እዩ።

ኣብ እዋን ህጻንነት ዝተፈላለዩ ነገራት ብዓቕሙ ክርኢ፡ ክፈሊ፡ ክፍትንን ክጋገን ምግባር ንሓደ ቖልዓ ኣብ ዝመጽእ ህይወቱ ነብሱ መሊኹ፡ መኣዝኑ ኣስተካኺሉን ሓላፍነት እውን ወሲዱን ኽጉዓዝ ዝገብሮ እዩ። እዚ ከኣ ካብ ዕላማ ዘለዋን ንቕሕቲን ኣደ ወይ ኣላዪት እዩ ዝርከብ። ከምዚ ዝበለት፡ ንነፍሲወከፍ ናይ ወዳ ምንቅስቓሳት እትከታተልን እትቕይስን ኮይና፡ ብኸመይ ዝበለ ኣንፈት እቲ ቆልዓ ንመጻኢ ክጎዓዝ ምኳኑን ኣብ መንገዱ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ይደሊን ከኣ ተጽንዕ። ኣብ ቅኑዕ መስመር ምህላዉ ንምርግጋጽ ከኣ ሓገዛት ተወፊ። ዕላማ ዘለዎን ብቐሊሉ ዘይድርጎስን ሰብ ከኣ ንሕብረተሰብ ተበርክት። ናይ ኣደታቶም ኣበርክቶ ብኽብሪ ዝገልጹ ብዙሓት ዕዉታት ምስማዕ ካብዚ’ዩ ዝብገስ። እቲ ምህሮ ክርድኦ ዘይክእል ደንቆሮ ተባሂሉ ተጸሪፉ ኣብ ቁልዕነቱ ካብ ቤት ትምህርቲ ዝተሰጎ ቶማስ ኤዲሶን ናይዚ ምስክር እዩ። ምኽንያቱ ነዚ ልዕሊ 1000 ምህዞታት ዝመሃዘ ሊቅ ኣብ ገዝኣ መባእታዊ ትምህርቲን ምንባብ መጻሕፍቲን ምሂራ ናብዚ ጥርዚ ብቕዓት ዝመርሓቶ ኣደኡ እያ።

ናይ ማይክል ፋራዳይ ታሪኽ ህይወት ዝጸሓፈ ፒርስ ዊልያምስ ብዛዕባ ኣደ ማይክል እንክገልጽ “ብኣንጻር እቲ ኣብታ ስድራ ዝነበረ ከቢድ ድኽነት ማርጋሪት እታ ቐንዲ ምርኩስ እያ ነይራ። ንሳ በተን ቁራቦ ኣታዊ ናይታ ስድራ ህይወት ከም ዝቕጽል ገይራ። ልዕሊ ኩሉ ግን ነቲ ሕሳስ ልደ ወዳ ማይክል ድልዱል ዝኾነ ስምዒታዊ ውሕስነት ሃልይዎ ንኹሎም ናይ ህይወት ገጻት ዝምክት ኮይኑ ንኽወጽእ ዝገበረቶ ንሳ እያ።” ይብል።

ኣብ ዓለም ዝተራእዩ መብዛሕትኦም ብሉጻት ሰባት ናይ ኣደታቶም ሕልሚ ዝረኸቡ እዮም እንተተባህሉ ምግናን ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኩለን ኣደታት ውሉደን ክዓብዩለንን ክብልጽጉለንን ዘለወን ድሌትን ሕልሚን ኣዝዩ ልዑል እዩ። እቲ እንርእዮ ብሉጽነት እምበኣር ናይ እተን ኣደታት ሕልሚ እንክግሃድ ምዃኑ እዩ።ነዘን ምንጪ ህንጸት ሕብረተሰብን ሃገርን ዝኾና ደቂኣንስትዮ ከምዝበልሓ፡ ከምዝመሃራ፡ ከምዝንብባን ከምዝነቕሓን ምግባር እምበኣር ንሰከንድ እኳ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ሓቂ እዩ። ምኽንያቱ ሃገር ንሰከንድ እኳ ክትዝንጋዕ የብላን።

ጓልን ጎልን - 2

ንሕናን ንሰንን በበይንና ኢና። እዚ ተፈጥሮን ሳይንስን እናተበራረዩ ክብልዎ ዘውዕሉ ሓቂ እዩ፣ ከም ማይን ጸባን ዝተፈላለየ ትሕዝቶ፡ ሕፍሰትን ባህሪን ዘለዎም ፈሰስቲ። ማይን ጸባን ግን ክጸናበሩ ይኽእሉ እዮም። ሓደኦም ካብ ካልኣይ ንምፍላይ ክሳብ ዘይከኣል ይጸናበሩ። ንኽጸናበሩ፡ ግድን ክልተኦም ማይ ክኾኑ ወይ ከኣ ክልተኦም ግድን ጸባ ክኾኑ ኣይኮነን እቲ ሕቶ ቀመር። እቲ ቁምነገር ክልተኦም ክወሃሃዱ ዝኽእሉ ምዃኖም እዩ። እንተዘይኮነ ክልተኦም ሓደ ንዝኾኑ ነገራት ሓደ ክትገብር ኢልካ ምድካም ዝተሰርሐ ገዛ ክትሰርሕ ኢልካ ከም ምድካም እዩ።

ንኽልተ ሰባት ክጠምር ዝኽእል፡ ኣብ ሓደ መንጸፍ ካብ ምድቃስ ንላዕሊ ሓደ ዓይነት ሕልሚ እዩ።ሕልምታቶም ወይ ናይ ህይወት መትከላቶም ዝሳነ ምስ ዝኸውን ናይ ሓባር ረቛሒ ዘለዎም ወይ ከኣ ናይ ህይወት መስመራቶም ዝራኸብ ሰባት ይበሃሉ። ንኽልተኦም ዘራኽብ ኣለዎም። ናቱ ሽቶ ንሳ ትኣምነሉን ትድግፎን፡ ናታ ሽቶ ከኣንሱ ይደኽመሉን ይሰዋኣሉን። ጓልን ጎልን ኣብዝቃደዋሉ ከኣ ህይወት ፍሽኽ ምባል ትጅምር። ዓወት ማለት እዚ ምዃኑ ዘይሰማማዕ ክህሉ እዩ ምባል ዝከኣል ኣይመስለን።

እቲ ጽቡቕ ሸነኽ ናይ ዝምድና ከም ዘለዎ ይጽናሕ። ገለ ግን ብዛዕባ ጓልን ናይ ዝምድና ዝምባለኣን ኣሉታዊ ዘረባ ዝዛረቡ ኣለዉ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ መሰረታዊ ካብ ዝኾነ መጋጥምትኻ ናይ ዘይምንጻር ጸገም ዝብገስ ዝመስል እዩ። ምኽንያቱ ዝምድና ጽቡቕ እዩ ዝበሃል ሓደ ሰብ ነቲ ሓደ ናቱ ሰብ ክረኽቦ እንከሎ ጥራይ እዩ።ካብዚ ወጻኢ ንካልእ ዘይብሱል ኣተና ዝግበር ዝምድና ክቐንዕ እውን ኣይክእልን እዩ። እዚ ጸገም ንኣዋልድ ጥራይ ተጠቒሊሉ ክድርዓለን እውን ዘይምኽንያታዊ እዩ። ምናልባት ከምቲ ገሊኦም ዝብልዎ ምስ ጓል ዝምድና ምምስራት ኣሸጋሪ እዩ ዋላ እንተበልና፡ እዚ ሽግር ጥዑይ ኣእምሮ ንዘለዎ ሰብ ከምቲ ፈላስፋ ዝበሎ የፈላስፎ እምበር ኣየዕብዶን እዩ። ምፍልሳፍ ሕማቕ ዲዩ? እቶም ጸግዒ ጸግዒ ዝኸዱ ብዙሓት እውን፡ እንተኾነ ዕረፍቲ እንተዘይኮነ ከኣ ፍልስፍና(ትዕግስቲ) ከምሃሩ ኢሎም ክኣትዉዎ ኣለዎ ‘መስለኒ። ምኽንያቱ ዝሰኸረ በዓል መኪና እንተረኽበኪ ብምባል ኣብ መብራህቲ ትራፊክ(ሴማፎሮ) ንዘልኣለም ኣይንበር እዩ። እቲ ውሑስ መሳገሪ ኣጋር ኣሎ። እታ መብራህቲ ትራፊክ ቀጠልያ እትውልዓሉ ቅጽበታትከ ንምንታይ ይሕለፍ?!

ጎልጎል ...

ጎልጎል ማለት ሰጥ ዝበለ ሜዳ እዩ። ካብ ጎቦ ድሕሪ ምውራድ ወይ ሩባ ድሕሪ ምስጋር ብዛዕባ ኣብ ጎልጎል ዝግበር መንገዲ ንምዝራብ ናይ ጂኦግራፊ ወይ ስነ-ምድሪ (Geology) ተመራማሪ ምዃን ኣየድልን እዩ። ብእኡ ኣቢልካ ምኻድ ጥራይ እዩ ዘድሊ። ብዛዕባ ጓል ጎልን ንምዝራብ ከኣ ናይ ዝምድና ሳይንቲስት ምዃን ዝብል መምርሒ መፈራርሒ ኣይድልን እዩ መስለኒ። ሰብ ነቲ ዝነብሮ እንተ ኣስተውዒልሉ ብዙሕ ነገር ክመሃር፡ ክምህር፡ ክፍጽምን ክዕወትንይኽእል እዩ። እንሆ ጎልጎል . . . .።

---

# ኣለበምቴ ዘኘታታት

## ፈላጺ ዕንጸይቲ

ጀሚል ስዒድ

ሓደ እዋን ሓደ ሓያል ፈላጺ ዕንጸይቲ ነበረ። ስራሕ ምፍላጽ ዕንጸይቲ ደልዩ ኩለል ይብል ድማ ነበረ። ኣብ መገዱ ሓደ እንዳ ዕንጸይቲ ጉነፎ እሞ ስራሕ ከእትውዎ ሓተተ። ሰለጦ ድማ። ፈላጺ ዕንጸይቲ በቲ እተሰማምዖ ዋጋን ኩነታት ስራሕን ተሓጒሰን ዓገበን። ብዝከኣሎ ሓይሉ ክሰርሕ ድማ ምኽንያት ኩኖ።

ዋና እንዳ ዕንጸይቱ፡ ዓምኡ፡ ድሉውነቱ ምስ ረኣየ፡ ፋስ ብምሃብ እቲ ዝቑረጽ ኣጒናድ፡ ኣበይን ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝቑርጾን ሓበሮ። ጽቡቕ ናይ ስራሕ እዋን ክኸውንሉ ተመንዩሉ ገለለ።

ብዘረባ ዓምኡ እተተባብዐ ፈላጽ ዕንጸይቲ ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቱ ዓሰርተው ሸሞንተ ኣጉናድ በቲ ዓምኡ ዝኣዘዞ መሰረት ቈራረጸ። ዓምኡ ከም እተሓጎሰሉ ምስ ረኣየ ድማ ዝያዳኡ ክሰርሕ ሓሰበ። ኣብ ካልኣይ መዓልቱ ኣበርቲዑ ድሕሪ ምስርሑ ዓሰርተው ሓሙሽተ ኣጉናድ ጥራይ ቈረጸ። ኣብ ሳልሳይ መዓልቱ ድማ ዓሰርተ ኣጉናድ ጥራይ ቈረጸ። በብመዓልቱ ከምቲ ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ዝዓመሞ ምእንታን ክበጽሕ ኣበርቲዑ’ኳ እንተ ጻዓረ፡ እንትርፎ መሊሱ ከንቈልቀል ከመሓይሽ ኣይከኣለን። ሕማቕ ድማ ተሰምዖ።

“በቃ ሓይለይ ጸንቂቐ’የ ማለት’ዩ፧” ኢሉ ሓሰበ። ናብ ዓምኡ ብምኻድ ድማ ይቕሬታ ሓተተ’ሞ፡ እንታይ ኲይኑ ከምኡ ከም ዝኾነ ከም ዘይተረድኦ ነገሮ።

“ፋስካ ዘብላሕካሉ መወዳእታ መዓልቲ መዓስ ነይሩ?” ክብል ሓተተ ዓምኡ።

“ምብላሕ!?” በለ ፈላጽ ዕንጸይቲ፡ “ናይ ዘሎኒ ሓይሊ ገይረ ኣጉናድ ክቑርጽ ምብላሕ ኣበይ ከርክበሉ ...።”

*** ነጸብራቕ ***


ህይወትና’ውን ከምኡ’ያ። ህይወት ብዙሕ ነገር’ዩ ዘሎዋ። ሓደ ሓደ እዋን ኣዚና ብስራሕ ንጽመድ ኢና፡ ልክዕ ከምቲ ፈላጽ ዕንጸይቲ ፋስና ከነብልሕ ግዜ ዘይንረኽበሉ ወቕቲ ኣሎ። ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ሰባት ካብ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ እዋን ንላዕሊ ኣብ ስራሕ ኣመና ጽሙዳት እዮም። ግና ክንዲ’ቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሩዎ ሕጉሳት ኣይኩኑን። ስለምንታይ ይመስለኩም፧ ፋስና ንኽነብልሕ ስለ ዘረሳዕናዶ ይኸውን፧

ብስራሕ ምጽማድን ኣበርቲዕካ ምስራሕን ተፈታዊ ባህሪ ትጉሃት ሰባት እዩ። ሽሕ’ኳ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ እንተ’ለና፡ ነቶም ኣብ ህይወትና ኣገደስቲ ዝኾኑ ነገራት እናገደፍና ኣይኩነን። ኣብ ውልቃዊ ህይወትና ዘገድሱና ብዙሓት ነገራት ኣለዉ፤ ንኸም ስድራቤትና፡ ኣዝማድና፡ ፈተውትና፡ ኣምላኽና፡ መጽሓፍ ኩነ ካልእ ግዜ ክንህብ ኣለና።

ነብሲና ከነዘናግዕ የድልየና እዩ፡ ክንሓስብ፡ ከነስተንትን፡ ክንመሃርን ክንዓቢን እውን። ስለዚ ፋስና ከነብልሕ ግዜ እንተ ዘይሂብና ውጽኢታውነትና እናኣጉደልና ፍረ ዘይብላ ገረብ ክንከውን ኢና።

ስቴቨን ኮቪይ

ካብ፡ ሸውዓተ ባህርያት ዕዉታት መንእሰያት



# ሳይንስን ቴክኖሎጂን

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዓቕሚ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ክነሐይሎ ይከኣል ዶ?



ኣእዳውካ መጻልታዊ ንኣሰታት 20 ካልኢታት ብሳይን ሳሙናን ብተደጋጋሚ ብምሕጻብ ምሕጻብ፣ ናብ ከርናዕ ኢድካ ተጸጊዕካ ምህንጣስ፣ ካብ ጥቓኻ ዘሎ ሰብ ልዕሊ ሓደ ሜትሮ ምርሓቕ፣ ገጽካ በእዳውካ ዘይምትንካፍ፣ ኣብ ሰኻ ምውሻብ ወዘተ ካብ ሕማም ኮሮና ንምክልኻል ዝሕግዘ ኣገባብ እዩ፡፡ እቲ ዝዓበየን ኣገዳስን ኣብ መንገኻን ኣብ መንጎ ሕማም ኮሮናን ካልኦት ሕማማትን ደው ኢሉ ዝከላኸለሉ፡ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትካ (immune system) እዩ፡፡

ዕድመ እናደፋእካ ክትከይድ እንከለኻ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትካ እናተዳኸመ እዩ ዝኸይድ፡፡ ስለዚ እዩ ድማ ልዕሊ 70 ዝዕድሚኦም ሰባት ንዝኾነ ሕማም ተኣፈፍቲ ዝኾኑ፡፡ ኣካላትካ ብዘይምቁእ ክትሃንጸን ክትሕሉን ምስ እትኽእል ግን፡ ዕድመ ቁጽሪ ጥራሕ ኮይኑ ክተርፍ ከም ዝኽእል እዩም ክኢላታት ዝመልክቱ፡፡ ገለ ሰባት ነኣሽቱ ክነሶም፡ ብሰንኪ ድኹም ህንጸት ኣካላት፡ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላቶም ዝተዳኸመ ኮይኑ ትርእዮ ኢኻ፡፡ በንጻሩ ዕድመ ደፊኦም ክነሶም ሓያል ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላት ዘለዎም ኣለው፡፡

“60 ዝዕድሚኦም ሰባት ናይ 40 ዝዕድሚኡ ሰብ ዓቕሚ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላት ዘለዎም ኣለው” ዝበለ ‘ቴክኒዮን’ ኣብ ዝተባህለ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ እስራኤል ዝርከብ ሻይ ኦር ዝተባህለ ተመራማሪ፡ “እቲ ጸቡቕ ነገሩ ሰዓት ስርዓት ምክልኻል ኣካላትና (immunological clock) ክንመልሶ ዝከኣል ምዃኑ” እዩ ይብል፡፡

ዝኾነ ናይ ስነ-ብዩና (immunology) ተመራማሪ ከም ዝገልጾ፡ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላት ኣዝዩ ሰፊሕን ዝተሓላለኸ ስርዓት-ኣቃውማ ኣካላትን እዩ፡፡ “ንኣቃውማ ኣእምሮ ተኸቲሉ ዝመጽእ ዝተሓላለኸ ኣሰራርዓ ኣካላት ፍጡራት ድማ እዩ” ይብል ሻይ ኦር፡፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ዝተፈላለዩ ዓይነት ዋህዮታት ከምኡ’ውን ብልዕሊ 8 ሽሕ ‘ጂን’ (genes) ዝምርሖ ምልክታት ዝህቡ ‘ሞለኪላት’ ዝሓቖፈ ምዃኑ ድማ የብርህ፡፡ ኣካላትና በዚ ዝፈጥሮ መርበብ ተጠቒሙ ዝፍጥር ሕማማት ኣብ ምቅላስ ይዋፈር፡፡

### ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ምስ ጭዩዊ ቫይረስ ኣብ ዝራኸበሉ እዋን እንታይ ይኸሰት?

ከምቲ ልዒሉ ዝተጠቕሰ፡ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ብዝተፈላለዩ ዋህዮታት ከምኡ’ውን ሞለኪላት -ንኣብነት ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ዝተሰረተ እዩ፡፡

እቲ ናይ ፈለማ መስመር ምክልኻል ባህርያዊ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላት ይበሃል፡፡ ኩሉ ዋህዮታት ናይ ሰብነትና ዘጻውድ ፈላሚ ስርዓት ምክልኻል እዩ፡፡

“እቶም ዋህዮታት ተፈጥሮኣዊ ጸረ-ቫይረስ ሞለኪላት ብምስራሕ ነቲ ጓና ቫይረስ ንምጥፋእ ይጽዕሩ፡፡” ይብል ፕሮፌሰር ፐለግሪኒ፡፡

ኣካላትና በዚ ኣገባብ ምክልኻል ነቲ ጓና ቫይረስ ብቐጥታ ኣብ ዘጥቅዓሉ እዋን፡ ረስኒን ምቅጻልን ዝኣመሰሉ ስምዒታት ብቐጽበት ከርኢ ይጅምር፡፡ ኣብዚ ኩነታት ‘ሳይቶካይንስ’ (cytokines) ዝተባህለ ሳብስታንስ ክፈሪ ይጅምር፡፡

ናይ ተፈጥሮ ቀተልቲ ዋህዮታት ዝበሃሉ ጻዕዱ ዋህዮታት ደም’ውን ኣለው፡፡

እቲ ካልኣይ መስመር ምክልኻል ኣብ ምትሃተ-ብርሃን ካልኦት ጻዕዱ ዋህዮታት ደም - ኣብ ከም ‘ሞኖሳይተስ’ (monocytes)፡ ‘ማክሮፈጅስ’ (macrophages) ከምኡ’ውን ‘ነውትሮፊልስ’ (neutrophils) ምርኩስ ዝገበረ እዩ፡፡ እዚ ነቲ ረኽሲ ኣለልዩ ናብ ናይ ኑቡስ ምክልኻል ሆርሞን ከም ዝዳለው ይገብር፡፡

እቲ ሳልሳይ መስመር መከላኸሊ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ምምዕባል እዩ፡፡ እዚ ሓያሎ መዓልታት ወይ ሰሙናት ዝወስድ ኮይኑ - ከም ‘ቲ-ሰል’ (T-cells) ዝተለኸፉ ዋህዮታት ዝቐትሉ፡ ከምኡ’ውን ‘ቢ-ሰል’ (B-cells) ጸረ-ጓና ኣካል ዘፍሪ ዋህዮታት ከም ዝጥፍኡ ይገብር፡፡

ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ምትኽኻእ ናይቲ ቫይረስ ደው ከብሎ ምስ ዘይክእል፡ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ብምዃን ምቅጻልን ካልእ ሳዕቤናትን ኣብ ከም ሳንቡእ ዝኣመሰሉ ኣካላት ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም የኸትል፡፡

### ብተፈጥሮ ትሑት ስርዓት ምክልኻል ሕማም ዘለዎም ኣለዉ ዶ?

ዓቕሚ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ካብን ናብን ሰብ ክፈላለ ይኽእል እዩ፡፡ ገለ ህጻናት ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላቶም ቀልጢፉ ክምዕብል ስለ ዘይክእል ብሕማም ብቐሊሉ ተጠቃዕቲ ይኾኑ እዮም፡፡

‘ኢሙኖኮምፕሮማይዝድ’ (immunocompromised) ተባሂሎም ዝግለጹ ሰባት’ውን ትሑት ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ እዩ ዘለዎም፡፡ እዚኦም ብዝተፈላለዩ ሕማም ዝተጠቕዑ፡ ኣካላት ዝተሰጋገረሎም ከምኡ’ውን ናይ ‘ድራግ’ን ወልፍን ግዙኣት ዝኾኑ ሰባት የጠቓልል፡፡

ወጥሪ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ብልዑል ዓቕሚ ከም ዝጸልዎ እዩ ፕሮፌሰር ፐለግሪኒ ዝዝረብ፡ “ስለምንታይ ይጸልዎ?” ዝብል ሕቶ ግና ተወሳኺ ምርምር ከም ዘድልዮ ኣይተሓብኣን፡፡

### ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ዘሐይሉ መግብታት ኣየናት እዮም?

“ንጥዕና ልብና፡ ሳንቡእና፡ ኩሊትና፡ ኮታ ንጥዕና መላእ ኣካላትና ኣገደስቲ ዝኾኑ ኩሎም መግብታት ንጥዕና ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ኣገደስቲ እዮም” ይብል ሻይ ኦር፡፡

ንስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ኣገዳሲ ዝኾነ ፍሉይ መግቢ የለን፡፡ ዝተዓሸገ ሽኮር ዝበዝሖም መግብታት ጉድኣት ማለት እዩ፡፡

### ምውሳዋስ ኣካላትን ስርዓት ምክልኻል ሕማምን

መብዛሕትኦም መጽናዕትታት ንዋሒ ዝጸንሐ ምውሳዋስ ኣካላት ንስርዓት ምክልኻል ሕማም ጥራይ ዘይኮነ ንጥዕና መላእ ኣካላት ሰብነትና’ውን ኣገዳሲ እዩ፡፡



ምንጪ፦ ኒው ሳይንቲስት

## ኣብ ኒው ሜክሲኮ ኣሰረ ህይወት ሓድሽ ዓሌት በዓል ክንቲት ዳይኖሶር ተረኺቡ



ኣብ ኒው ሜክሲኮ ኣካላቶም ብኸንቲት ናይ ዝተሸፈኑ ሓደስቲ ዓሌት ዳይኖሰር ብስነ ጥንታዊ ምርምርን ኩዕታን ክርከብ ከም ዝተኻእለ ይግለጽ ኣሎ፡፡

እቶም በለዕቲ ስጋ ምንባሮም ዝተረጋገጹ ዓሌት ዳይኖሰራት ቅድሚ 67 ሚልዮን ዓመታት ኣብ ጂኦሎጂያዊ ዘበን ‘ክረታሽያስ’ (Cretaceous) ብህይወት ከም ዝነበሩ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ፡፡

ብመሰረት እቲ ተረኺቡ ዘሎ ኣሰረ ህይወትን ኣዕጽምትን እቶም ዳይኖሰራት ግዝፎም ከም ካልኦት ዓሌት ዳይኖሰራት ኣመና ዝተጋነነ ከም ዘይነበረ ዘመልክት ከም ዝኾነ ዝገለጸ ተመራማሪ ስነ ጥንቲ ስተቨን ጃሲንስኪ፡ እቲ ርኽበት ‘ሳይንቲፊክ ሪፖርት’ ኣብ ዝተባህለት መጽሄት ሰፊሩ ከም ዝርከብ ኣረዲኡ፡፡

“ናይ ኣስታት 20 ዝተፈላለዩ ምዃናም ዝተረጋገጹ ኣዕጽምቲ ናይቶም ዳይኖሰራት ክንረክብ ክኢልና ኣለና፡፡ በቲ ዝረኸብናዮ ኣዕጽምቲ መሰረት ናይ ኩሎም ግዝፎን ቁመትን ዝተመዓራረየ ምንባሩ’ውን ክንርድእ ክኢልና ኣለና” ዝበለ ስተቨን ጃሲንስኪ እቲ ኩዕታ ‘ሳን ጁዋን በይዝን’ ኣብ ዝተባህለ ምስ ሕብራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዘዳውብ ሰሜናዊ ሽነኽ ሃገር ከም እተኻየደ ኣረዲኡ፡፡

እቶም ዓሌት ዳይኖሰር - ‘ዳኮታብሎቶር’ ተባሂሎም ከም ዝጸውዑ ዝመልከተ እቲ መጽናዕቲ፡ ካብ ኣህጉር ኤስያ ናብ ኣመሪካ ዝሰገሙ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ኣስሚሩሉ፡፡

እዚ ሓድሽ ስነ-ጥንታዊ ርኽበት፡ እቲ ዓሌት ዳይኖሰር ክሳብ መወዳእታ ናይ ጂኦሎጂያዊ ዘበን ‘ክረታሽያስ’ ከም ዝነበሩ ንምንጻር ዝጸንሐ ሃንፍ ንምምላእ ልዑል ግደ ከም ዝህልዎ እቶም ተመራመርቲ ብተወሳኺ የመልክቱ፡፡

## ሳይንሳዊ መጽናዕቲ

### “መቐት ንኣእምሮና የሰልክዮ’ዩ” ተባሂሉ

ብርቱዕ መቐት ኣብ ዘለወሉ ወቕቲ ሓጋይ፡ ዝኾነ ስራሕ ክንገጽ ምስ ዝኹበደና፡ እቲ ጠንቂ ንሕና ዘይኮንና እቲ መቐት እዩ፡፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሃርቫርድ ዝተገበረ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ መዝሓሊ ኣየር (air-conditioner) ኣብ ዘይብሉ መደቀሲ ክፍሊ ዝቕመጡ 20 ሰባት፡ ኣብ ዝወሰድዎ መርመራ ብ13 ሚእታዊት ዝተሓተ ብቕዓት ከርእዩ ክኢሎም፡፡

### * ዓቕት ዝሓለፈ ድቃስ ወቕዒ የስዕብ ተባሂሉ

ብደረጃ ዓለም ወቕዒ ሓደ ካብቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ቀተልቲ ሕማም እናኾነ እዩ ዝኸይድ ዘሎ፡፡ በዚ መሰረት፡ ኣብ ኣመሪካ ዝተኻየደ ሓድሽ መጽናዕቲ ከም ዘጸረ፡ ብዙሕ ናይ ምድቃስ ባህሪ ዘለዎም ሰባት ንጸገማት ናይ ልቢ ብምቅልጣፍ ኣደዳ ወቕዒ ክኾኑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ ምዃኑ ኣነጺሩ፡፡

ብደረጃ ዓለም ዓመታዊ 15 ሚልዮን ሰባት ብወቕዒ ከም ዝጥቅዑ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡ ካብዚኦም እቶም 6 ሚልዮን ክሞቱ እንከለዉ፡ ኣብኦቶም ዝተረፉ ድማ መልመስቲ ይወርዶም፡፡

### እኹል ዕረፍቲ ዕድመ የንውሕ

ኣብ 1,222 ን40 ዓመታት ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ልዕሊ ፍርቂ ካብ ተሳተፍቲ ክብደት ሰብነቶም ከጉድሉ፡ ምውሳዋስ ኣካላት ክገይሩን ሽጋራ ምትካኽ ከቋርጹን ምኽሪ ተዋሂቡዎም፡፡ ምስቶም ምኽሪ ዘይተዋህቦም ብምንጽጻር ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ክጥቅዑ ዝበርም ተኽእሎታት ዝወሓደ ኮይኑ ተረኺቡ፡፡ ኣብ ወሸጢ’ዞም ጉጅለ፡ ኣብ ዓመት ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ሰሙናት ግቡእ ዕረፍቲ ዝረኸቡ ሰባት ድማ ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ክሞቱ ዘለዎም ተኽእሎታት ብ37 ሚእታዊት ዝተሓተ ኮይኑ፡፡

ምንጪ፦ Reader’s Digest

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

## ተጻወትቲ ባርሴሎና 70% ደሞዞም ክጎድል ተሰማሚዖም

ሊዮኔል መሲ ዝርከቦም ተጻወትቲ ባርሴሎና፡ ብሰንኪ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ገጢሙ ንዘሎ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ክለቦም ንምፍታሕ መሃያኦም ብ70 ሚእታዊት ክጎድል ከምዝተሰማምዑ ተገሊጹ።

ኣብ እስጳኛ፡ ብቫይረስ ኮቪድ-19 ልዕሊ





7500 ሰባት ህይወቶም ኣብ ዝሰኣኑሉ እዋን፡ ክለባት ኣብ መኸተ ናይዚ ለበዳ እጃመን ከበርክታ ተጻወትቲ ባርሴሎና ብመገዲ ሓለቓ ጋንታኦም ሊዮኔል መሲ ገሊጾም።

ዝሓለፈ ሰሙን እስጳኛዊት ክለብ ኣትለቲኮ ማድሪድ፡ ብሰንኪ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ዘጋጠመ ምቁራጽ ጸወታን ሳዕቤኑን መሃያ ተጻወትቲ ብፍርቂ ክትቀርጽ ምውሳና ይፍለጥ። ኣትለቲኮ ማድሪድ፡ ብድምር 500 ንጡፋት ተጻወትቲን ኣባላትን ዘለዋ ኮይና፡ ንኣሰልጣኒኣ ዲያጎ ሲሞን ሰሙናዊ 700,000 ፓውንድ (37 ሚልዮን ንዓመት) ከምእትኸፍሎን እዚ መጠን ገንዘብ ከኣ ኩብረወሰን ሓዙ ምንባሩን ይፍለጥ። ኣትለቲኮ ማድሪድ 312 ሚልዮን ፓውንድ ንመሃያ ኣባላታ ከምእተውጽእ ጸብጻባት የረድኡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተጻወትቲ ጁቬንቱስን ኣሰልጣኒኦም ማውሪዝዮ ሳሪን ናይ ኣርባዕተ ኣዋርሕ መሃያኦም ብወለንታኦም ከምዘይቅበሉ ኣፍሊጦም። በዚ ድማ ፖርቱጋላዊ ሮናልዶ፡ ዝርከቦም እዞም ኣባላት ክሳብ ወርሒ ሰነ ኣብ ዘሎ ግዜ ንክለቦም ጁቬ ሳንቲም ኣይክሓቱን እዮም። ጁቬ፡ ብውሳነ ተጻወትታን ዓላሚኣን ኣስታት 90 ሚልዮን ዩሮ ክትዕቅብ እያ።

ጁቬ፡ ኣብ ላዝዮ ብሓደ ነጥቢ ጸብሊል ኢላ መሪሕነት ውድድር ሰሪ'ኣ ሒዛ ምህላዋ ይፍለጥ።

ብኻልእ ወገን ተጻወትቲ ኤሲ ሚላንን ኢንተር ሚላንን እውን ኣሰር ጁቬንቱስ ክስዕቡ ኣብ ኣፈናዊ ስምምዕ በጺሖም ምህላዎም ተገሊጹ።


* ** ** *

## ሊቨርፑልን ጸዋእ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝን . . . .

ብስግኣት ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ክሳብ 30 ሚያዝያ ተቛሪጹ ዘርኩብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ልዕሊ ማንም ተዓዘቢ ናይቲ ውድድር ንደገፍቲ ሊቨርፑል ኣብ ሻቕሎት ሸሚሙ ምህላዉ ደይሊ መይል 'ብኦን ላይን' ብዘካየደቶ መጽናዕቲ ምርግጋጻ ትማሊ ሓቢራ። እቲ ምኽንያት ድማ፡ 'በይንኺ ኣይክትጓዓዚን ኢኺ!' እናበሉ ንዓመታት ንሊቨርፑል ዝደገፉ፡ ክለቦም ዋንጫ ከየልዓለት ዓዲ ከይትውዕል ብምስጋእ እዩ።

ዛጊት፡ ዓለም ምሉእ ብምሉእ ኣተኩሮኣ ኣብ መኸተ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ገይራትሉ ኣብ ዘላ እዋን፡ ክሳብ ክንደይ ደገፍቲ ሊቨርፑል ምስ ውነኦም ኮይኖም ኑቲ ደይሊ መይል ዘውጽኣቶ ሕቶታት መሊሶም ኣብ ምልክት ሕቶ ዝግደፍ እኳ እንተኾነ፡ ዛጊት ጠልጠል ኢሉ ዝርኩብ እዚ ውድድር'ዚ ግና ሓያለ ምርጫታት ሒዙ ይጉዓዝ ኣሎ። ገለ ምስ ኣካየድቲ ፕሪመር ሊግ ዝመኸሩ ተንተንቲ፡ ሊቨርፑል ንሻምፕዮና ማን ሲቲ ናይ 25 ነጥቢ ጋግ ኣንጺፉ ነዚ ውድድር'ዚ ትመርሐ ብምህላዋ፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ እንተተልዕል 'ቅቡል ፍታሕ' እዩ ኩብሉ ይሰምዑ።

ትማሊ እውን ኣከፋፋሊ ማን ሲቲ



ኢካይ ጉንዶጋን፡ ብስካይፕ ምስ ቢቢሲ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት ምስዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሓሳብ'ዚ ከምዘይሰማማዕ ኣነጺሩ ኣሎ። ን30 ዓመታት ዋንጫ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ከየልዓለት ዝጸንሐት ሊቨርፑል፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ጾመ-ምልዓል ጸዋእ ንምፍታሕ እንተውሓደ ሽዱሽተ ነጥቢ ጥራይ የገድሳ። "ውድድር እንተደኣ ክቋረጽ ተወሲኑ፡ ሊቨርፑል ጸዋእ ክትውሃብ ኣለዋ። እዛ ጋንታ ነዛ ዋንጫ ንምልዓል ሒደት ስጉምቲ ጥራይ እዩ ዘድልያ። ሎሚ ዓመት ድማ ተኣምር ዝሰርሓትሉ እዋን እዩ። ከም ስፖርታውያን ድማ ፍትሓውያን ክንከውን ኣሎና" ይብል እዚ ወዲ 29 ዓመት ጀርመናዊ።

ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዝካፐሉ ክለባት ብዛዕባ'ዚ ምቁራጽ ዳግማይ ንምዝታይ 3 ሚያዝያ ርኩብ ክህልወን እዩ - ብቴለ ኮንፈረንስ። ትማሊ ግምታተን ዝሃባ መራኸቢ ብዙሃን፡ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ድማ ብፍላይ ኣዝዩ ኣሻቓሊ እናኾነ ይመጽእ ብምህላዉ፡ ኪንዮ 30 ሚያዝያ ዝኸይድ ምቁራጽ ውድድራት ክውሰን ከምዝኽእል ይእምታ።

ኣብ 29 ጸወታታት 82 ነጥቢ ኣዋህሊላ ትርኩብ ዘላ ሊቨርፑል፡ ምስ ኣርሰናል፡ ቸልሲ፡ ኒውካስል፡ ኤቨርተን፡ ክሪስታል ፓላስ፡ ማን ሲቲ፡ ኣስቶን ቪላ፡ ብራይተን በርንለይን ጸወታታት ይተርፋ።

ብኻልእ ወገን፡ ሊቨርፑል፡ እንተደኣ ዋንጫ ኣልዒላ፡ ኣቡተን ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ዝምለሳ ከምኡ ድማ ኣብ ውድድራት ዩሮፕያን ሊግን ሻምፕዮንስ ሊግን ዝሳተፋ ክለባት ከ 'ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ እንታይ ዓይነት ውሳነ ክሁብ እዩ?' ዝብል ሕቶ ድማ ምላሽ ዘድልዮ እዩ።

ብፍላይ ጉዳይ ናይታ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት 'ጠገለ ዘይብሉ ወጻኢታት ብምግባር ተጻወትቲ ትሸምቲ ነይርኪ' ተባሂላ ብማሕበር ኵዕሶ እግሪ ናይ ክልተ ዓመታት ስፖርት ካብ ኤውሮጳዊ ውድድራት ዝተሰረዘት ማን ሲቲ መዓልቦ ብዘይምርካቡ፡ ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ ካልእ ግድል ኣብ ቅድሚኡ ምህላዉ ይትንተን። ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ስፖርት ጉዳያ ኣቕሪባ እትርኩብ ማን ሲቲ፡ ምስዚ ውድድራት ናይ ምቕጻሉ ሕቶ ኣብ ቀራና መገዲ ምህላዉ ተኣሳሲሩ "እንታይ ዓይነት ውሳነ ክወሃባ እዩ" ዝብል ሕቶ ክምለስ ከምዘለዎ መርቡብ ሓበሬታ ጎል ይገልጽ።

ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ እቲ ኻልእ ከም ኣማራጺ ክጥቀመሉ ይኽእል እዩ እናተባህለ ዝግለጽ ውሳነ፡ ዓመተ ስፖርት 2019/'20 ብዘይ ዝኾነ ውሳነ ምስራዝ፡ ጸወታ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ከኣ 'ሀ' ኢሉ ንጥፈታቱ ከምዝሰላሰል ምግባር። ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ ሪዮ ፈርዲናንድ ከኣ ትማሊ ምስ ቢቲ ስፖርት ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት ምስዚ'ም ነዚ ሓሳብ'ዚ ዘንቀዱ ሰባት ምሉእ ብምሉእ ከምዝሰማማዕ ይገልጽ።

"ደገፍቲ ሊቨርፑል ክሳብ ክንደይ ነዛ ዋንጫ ሃረር ከምዝብሉዋ እፈልጥ እየ። ይኹን እምበር፡ ንሕና ንድሕነት ህዝብና ክንቕድም ይግብኣና። ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ምትንኻፍ ዘለዎ እዩ። ስለዚ፡ መርመራ ይሃሉ ኣይሃሉ ብዘየገድስ፡ ንሓንቲ ጽላት ናይ ሃገር (ጸወታ ኵዕሶ እግሪ) ብምባል፡ ንህዝብና ኣብ ሓደጋ ክነውድቖ የብልናን" ይብል ፈርዲናንድ።

ንሱ፡ "ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ንኹለን ሃገራት ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዳ ከገድደን ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ናይ ህላውነት እዋን ብምዃኑ" ኩብል ይውስኽ።

ፈርዲናንድ "ደገፍቲ ሊቨርፑል ከ?" ዝብል በርቃዊ ሕቶ ኣብ ዝሰዓበሉ፡ "ብዛዕባ ውሑስ ዝኾነ ስነ ሓሳብ ኢና ንዛረብ ዘሎና። ደጋፊ ሊቨርፑል ወይ እውን ደጋፊ ናይ ካልእ ጋንታ ስለዝኾንኩ ኣይኮነን። ቅኑዕ ኢለ ዝሓሰቦ እዚ እዩ" ኩብል ትሪ ብዘለዎም ቃላት ተዛሪቡ።

ሓደ ሓደ ኣባላት ኣካየድቲ ውድድራት ኵዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ፡ እዚ ውድድራት ኣብ ዕጹው ስታድዩም ብልዑል ጥንቃቐ ክካየድን ክቕጽልን ዝጠልቡ እውን ኣይተሳእኑን። እዚ ድማ ነዚ ኣብዚ ሕጂ እዋን ክለባት ገጢሙወን ንዘሎ ናይ ፋይናንስ ሃጓፍ ንምሽፋን ከምዝጠቕመን ይዛረቡ። እዚ ምስ ዘይከውን ግና፡ ብፍላይ ካብ መዋዕውዒ ከምኡ ድማ ካብ እትዋዋት ተለቪዥን ዝርኩብ ዝነበረ ብቢልዮናት ዶላር ዝግመት ገንዘብ ክሰኣን ስለዝኽእል፡ ንዓመታት ክለባት ሰፍ ኣብ ዘይብል ጥፈሻ ከእትወን ዝኽእል ዕዳን ክሳራን ክገጥመን ከምዝኽእል ብኢጋኡ ንክኢላታት ቁጠባ ብምጥቃስ የረድኡ። በዚ ድማ፡ ገለ ኮኾብ ተጻወትቲ (ንፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ስሓብነት እጃሞም ዘበርከቱ) ናብተን ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ዘለወን (ከም ናይ ርሑቕ ምብራቕ ክለባት) ክግዕዙ ከምዝኽእሉ ብኢጋኡ ይእምቱ።

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኢጣልያ ማርሴሎ ሊፒ፡ ክለባት ኤውሮጳ ንዘመጸን ፋይናንሳዊ ሃጓፍ ኣብ ግምት ብምእታው ንጥፈታተን ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዕጹው ስታድዩም ኩተግብራ ከምዝግብኣን እዩ ዝምዕድ።

ንስኻትኩም ከ እንታይ ትብሉ?



Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

1. Position: Rigger
   Department: Engineering Process Plant
   Number Required: One (01)
   Contract Type: fixed (two years)

- Primary Purpose
  - Loads,off-loadsandmovescontainersandequipmentusingcranes, forklifts and rigging equipment. To plan, prepare and conduct rigging, lifting, moving and scaffolding operations in a safe and efficient manner.
- Main Function
  - Planning
  - Implementation
  - Reporting
  - General Rigging:
  - Scaffolding
  - Lifting
  - Writing Reports & Data Control
- Qualifications:
  - Grade 12 (Technical School)
- Knowledge and Experience:
  - 5+ year's relevant experience
- Technical Skills
  - Fitting Experience
  - Communication (English)
  - Prioritizing skills
  - Ability to work towards strict deadlines
  - High level of accuracy
  - Self-motivation
- Behavioral Skills
  - Communication (English)
  - Prioritizing skills
  - Ability to work towards strict deadlines
  - High level of accuracy
  - Self-motivation

**GENERAL INFORMATION**

- **Place of Work: Bisha Site**
- **Salary: As per company salary scale**

**Additional Requirement for Nationals**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence for release paper from Ministry of defense**
- **Present clearance paper from current/last employee**
- **Testimonial documents to be attached( CV, work experience crediancials, a copy of your national Identity Card etc)**
- **Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned back to sender**
- **All Applications should be sent though the post office.**
- **Deadline for application; 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to;**

- **Bisha Mining Share Company,**
- **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

- **Please send a copy of your application to**
- **Aliens Employment permits Affairs,**
- **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

Zara Mining

POSITION DESCRIPTION

Position: Environmental Supervisor
Number required 1
Location: Based at Koka Gold Mine ( Site)
Reporting to: Environment EHS Superintendent

Primary Responsibility & Scope of work Under the direction of the EHS Superintendent, This role is responsible to ensure effective implementation and adherence to environmental standards and guidelines applicable to the mining operations, this include implementation and adherence to environmental legislation requirements and conditions as outlined in the SEMP. Coordinate maintain and update data required for environmental reporting. Identification of environmental risk associated with the mine operations, as well as assist in addressing potential problems. Evaluate environmental audit reports compiled by environmental consultants and follow-up on audit report recommendations and corrective action implemented by the mines. Investigate environmental incidents and maintain a system of reporting incidents. Organize employee's environmental awareness training for to ensure that employees are familiar with the environmental risks associated with their duties.

Duties:

- Implement procedural, reporting and monitoring requirements as prescribed by Environmental Legislation and applicable Regulations
- Implement, assess and monitor performance, commitments and recommendations of the Mine's Environmental Management Program (SEMP), authorizations and assessments
- Development and Implementation of Environmental Standard Operating Procedures
- Develop and Implement Environmental Awareness Program and training
- Address and assess all environmental impacts routinely.
- Environmental risk assessment and hazard identification
- Implementing, maintaining and monitoring an environmental management system based on the operations' approved Environmental Management Program (SEMP) and approved national environmental regulations
- Maintaining a system of reporting environmental incidents and reviewing recommendations to rectify deviations
- Direct mine employees and contractors on how to implement environmental requirements such as pollution control, waste reduction, best environmental management practices as well as other requirements listed in the approved Environmental Management Program (SEMP)
- Ensure effective implementation of recommendations made by External Environmental Auditors.
- Manage Waste Collection on site, dust and air quality programs, water monitoring programs, rehabilitation programs and maintain records of regular environmental inspections.
- Accomplish environmental monitoring programs as stated in the environmental and social management plan (SEMP)
- Analysis, interpretation and reporting of data collected from all monitoring activities.
- Work in partnership with senior and site management to develop and implement strategies, policies, and services to increase employee environmental awareness & reduce organization risks.
- Manages the environmental Staff within ZMSC facilities and sites.
- Monitor developing international, government, state, and local regulatory requirements and initiatives; analyse potential impacts; provide practical recommendations and risk analyses.
- Preparation and compilation of monthly, quarterly, and annually reports as instructed by supervisor
- Any other duties as assigned by a supervisor

Knowledge & Skills Required:  Effectively influence those at a senior level.
 Professional in their approach to dealing with issues and employees.
 Appreciation of confidentiality and discretion.
 Occupational health and safety experience
 Strong understanding of the mining SEMP and government of Eritrea environmental proclamations
 Strong verbal and written communication skills in English
 Strong organizational and analytical skills
 Proficient in MS Office (Word, Excel and Outlook)
 Strong GIS skills
 Must be self-driven and work without Supervision.
 Valid driving license

Training & Education Required:  Relevant degree or diploma in environmental science/mining Engineering.
 Relevant Environmental Short courses and certifications in environmental legislations
 Strong knowledge of environmental instrumentations (dust and air quality, water monitoring program, and hydrological)
 Understanding of sampling technics in relation to water and air quality monitoring

Experience Required: - 3-5 years' experience in mining/process environment in a related field
- Occupational health and safety experience
- An enthusiastic, self-starting attitude towards working with all, based on a foundation of mutual respect for all.

Physical Requirements:  To be able to pass a full Doctor's Physical examination
Salary  Company salary scale

Additional requirement for nationals - Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of release paper from the Ministry of Defence. Clearance paper from office of the Eritrean Police and present Medical Certificate and Clearance paper from current/last employer.
Only short list applicants considered as potential candidates for interview.
Application documents will not be returned back to the sender
Deadline for Application: 7 days from the date of this vacancy announcement

Address: Please mail your applications to: ZARA MINING SHARE CO. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.
Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to: Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

# vacancy Announcement

**Orota Hospital private health service is looking for part time employees, who fulfill the following requirement.**

**1.cashier**

Position ---------------------------- **cashier**
Qualification ---------------------- **12th**
Number ---------------------------- **1**
Work Experience ---------------------**1 years**
Place--------------------------------- **Orota private service**

**N.B**

**1**. Interested applicants who fulfill the above requirements could submit an application attached with their **C.V** and credentials to the administratio office of Rora private health service.

**2.** payment will be as per the scale of the private health service.

**3**. Applicants should complete national service or should submit document of exemption.

**4.** This announcement is invalid after 10 working days from date of publishing in the local newspapers.

**Address** :-Rora Private Health Service P.L.C
**Zoba**:-Makel
**Sub Zoba**:- Xexrat near KuduseMekael Church.
Tel:**-123096/08373442**

## ምልክታ

ወ/ሮ ሃናእ ሓሰን ዝተፈቅደለን ናይ ስራሕ ወርቅን በሩርን ንግዳዊ ትካለን "ቦናንዛ መስርሕ ወርቅን በሩሩን"(BONANZA JEWELLERY) ተባሂሉ ክስየመለን ስለ ዝሓተታ ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ ዝቃወም ከምዝየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ንምዝዋኦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

## ሓራጅ

ኣብ መንን ብፍ/ብ/መሰል ኣቶ እስቲፋኖስ ሃብተ ብፍ/ብ/ዕዳ ወረ/ነፍ ሃብተ ክፍለማርያም ወኪል ወ/ሮ ሉእላ ኪዳነ +9 ዝበረና ክርክር ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋሻፍሓ ዓዲ ጓዕዳድ ፕሎት 16 ፓርሰል 5ስፍሓት መሬት 250ት/ሜ ዝተደኮ ብስም ነ/ፍ ሃብተ ክፍለማርያም ጉብረሚካኤል ዝተመዝገበ ሸውዓተ ክፍልታት ቀንዲ ሓገዘቲ ኣርባዕተ መጠቢ ዋጋ443.602.83% ናቕፋ (ኣርባዕተ ሚእትን ኣርብዓን ሰለስተ ሽሕን ሽዱሽተ ሚእትን ክልተን 83%) ተገሚቱ ቀሪቡ ስለ ዘሎ።

ስለዚ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ1/4 ናይቲ ዝተዋህበ ግምት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንኪ በክ ወይ ድማ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ ሲፒኦ (CPO) ኣሰሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳደርቲ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5ተ ናይ ስራሕ ናይ ስራሕ መልዓታት ዘሎ ክበጽሖ ዝደሊመጥን ገዝዙበ ብቁጽሪ ኣሃዘን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእትዉ። ሓበሬታ ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይ ኣምጺኡ ሓራጅ ኣይቃረጽን።

ዕለት ሓራጅ 27/4/20
ሰዓት ሓራጅ 3፡00-4፡00ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ቁ/27

## ምልክታ

ብስም ከርስ ኣለና ተድላ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00017260 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ትራቨሎ ጎደና ባዳ ቁ. ገዛ 34 ዝርከብ ናይ ቤት መግቢ ማስተን ትካለይ ንኣቶ ምሕረታኣብ ኪዳነ ፍስሓጼን ኣድርሻ ዞባ ምእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ 714 ቁ.ገዛ ካብ ዕለት 01/01/20 ክሳብ 31/12/20 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቃውምኡ የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ከርስ ኣለና ተድላ




## ምልክታ

ብስም ሓረጉ ብርሃ ወልደሰላሴ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00041875 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና ሕዳቕ ቁ.ገዛ 1ዝርከብ ናይ መሸጢ ፈሓምን ዕንጨይትን ትካለይ ንወ/ሮ ዓገሸ ረድኢ ጉብረማርያም ካብ ዕለት 1/8/2019 ክሳብ ዕለት 31/12/2020 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዝየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ምክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሓረጉ ብርሃ ወልደሰላሴ

## ምልክታ

ብስም የናታን ሰርጹ ጉብረማርያም ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00011163 ዝኾነ ኣብ ዞባ ምእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ሰማእታት ቁ.ገዛ 128 ዝርከብ ናይ ባር ትካለይ ንኣቶ ዳኒኤል መልኣከ ተኽለይ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 752-5 ቁ.ገዛ19 ካብ ዕለት1/12020 ክሳብ ዕለት 31/12/2020 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሙ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዝየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

የናታን ሰርጹ ጉብረማርያም
ሕጋዊ ወኪል ናሆም ሰርጹ ጉብረማርያም

## ምልክታ

ኣነ ወሮ ሳባ ተኽለ ኣብርሃ ዝተባሃልኩ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ካብ ዝርከብ ገዛውቲ፣

1. ብቦገዚያዊ ምስክር ወረቐት ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ኣብ ከበቢ መደበር ቁ. ምስክር ወረቐት 108037 መወከሲ ቁጽሪ 101199 ዝፍለጥ፣
2. ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ብቁ. ምስክር ወረቐት 107192 መወከሲ ቁጽሪ 101201 ዝፍለጥ፣
3. ኣብ ምም/ማእከል ከተማ ብቁ. ምስክር ወረቐት 114946 መወከሲ ቁጽሪ 137845/1012200 ዝፍለጥን፣
4. ከምኡ'ውን ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ብቁ. ምስክር ወረቐት 50006 ዝፍለጡ፥ ብሽም ኣቶ ተኽለ ኣብርሃ ተመልሶ ዝተዋህቡ ኦርጂናል ሊብሬቶ ናይ ሰድራ ስለ ዝጠፉኣና፣ ረኺብዎ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ኣለኹ ዝበል እንተሎ ብተሎ 07491858 ወይ 07112987 ክትሕብሩኒ፤ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ካብ ዝምልከቶ ትካል ክሓትት ምዃነይ የፍልጥ።

ሚርያም ኣብርሃም

# ጀርመን - በዓል-ስልጣን ርእሰ-ቅትለት ፈጺሙ



ሚኒስተር ፋይናንስ ክፍሉ-ሃገር ሄስ - ጀርመን ዝኾነ ቶማስ ሻፈር፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ መንገዲ ባቡር ሞይቱ ከም ዝተረኽበ ሰብመዚ እታ ሃገር ሓቢሮም።

እቲ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ብዘስዓቦ ቁጠባዊ ቅልውላው ተሻቒሉ ከም ዝነበረ ዝተገለጸ በዓል-ስልጣን፡ ፖሊስ እታ ሃገር ኣብ ልዕሊኡ ብዘካየዶ መርመራን ካብ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ብዝረኸቦ ሓበሬታን፡ ነብሱ ቅትለት ፈጺሙ ከም ዝሞተ'ዩ ከረጋግጽ ክኢሉ። ተኸሲቱ ዘሎ ፋይናንሳዊ ጸገማት ዝፈጠረሉ ከቢድ ሻቕሎት፡ ነብሱ ቅትለት ንኽፍጽም ከም ዝደፋፍኦ'ውን ክርዳእ ክኢሉ። ላዕለዎት ሰበስልጣን'ታ ክፍሉ-ሃገር ብወገኖም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ወዲ 54 ዓመት ሚኒስተር ናብ ዘይተደልየ ስጉምቲ ከምርሕ ምኽንያት ከም ዝኾኖ ኣረጋጊጾም።

ንዓሰርተ ዓመታት ዝኣክል ከም ሚኒስተር ፋይናንስ ኮይኑ ዘገልገለ ቶማስ ሻፈር፡ ኣብዚ ዝሓለፈ እዋናት ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ብሰንኪ ዘስዓቦ ቁጠባዊ ቅልውላው ዝተተንከፉ ትካላትን ሰራሕተኛታትን ንምሕጋዝ ለይትን መዓልትን ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ ከም ዝነበረ'ዩ ዝንገረሉ።

ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ክሳብ ትማሊ ሰኑይ ንግሆ ኣብ ጀርመን ንኣስታት 62,500 ሰባት ክልክፍ እንከሎ፡ ንኻልኦት ልዕሊ 500 ድማ ቀቲሉ - ብመሰረት ካብታ ሃገር ዝተዘርግሐ ጸብጻባት።

# ኣውስትራልያ፡ ሳዕቤናት ቫይረስ ኮሮና ንምቕላል 80 ቢልዮን ዶላር ትሰልዕ



መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ዘስዓቦ ዘሎ ፋይናንሳዊ ጸገማት ብምግማዝ፡ ናይ 80 ቢልዮን ዶላር ደገፍ ከም ዝሰልዐ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን።

እቲ ተሰሊዑ ዘሎ ገዚፍ መጠን ባጀት፡ ንኣስታት 6 ሚልዮን ዝኾኑ ዜጋታት'ታ ሃገር ክመቓረሕ ምዃኑ ዝሓበረ ቀዳማይ ሚኒስተር እታ ሃገር ስኮት ሞሪሶን፡ ብሰንኪ ኮሮና ቫይረስ ንዝንዳኸም ዘሎ ስራሕን ብኡኡ መጠን ሃሲያ ዘወርዶ ዘሎ ቁጠባ እታ ሃገርን ኣብ ምፍዋስ ክሕግዝ ምዃኑ ኣፍሊጡ። ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ንሽዱሽተ ወርሒ ዝቐጽል ፋይናንሲያዊ ሓገዝ፡ ዝተፈላለየ ትካላት ንሰራሕተኛታተን ኣብ ስራሕ ንኽቕጽልኦም ሞራል ዝህብ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሰብመዚ'ታ ሃገር ይሕብሩዎ ከም ዘለዉ፡ ኣብ ዝቕጽል ሽዱሽተ ኣዋርሕ ነፍሲ-ወከፍ ሰራሕተኛ ትካል ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክልተ ሰሙን 1,500 ዶላር ኣውስትራልያ ደገፍ ክወሃቦ እዩ። በዚ ከኣ እቶም ብሰንኪ ኮሮና ቫይረስ ካብ ስራሕ ክሮኽሩ ተገዲዶም ዘለዉ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰራሕተኛታት፡ ኖቲ ብመንግስቲ ዝተሰላዓሉም ፋይናንሳዊ ሓገዝ ካብቶም ኣሰራሕቶም ክቕበሉዎ ምዃኖም እቶም ሰብመዚ ብተወሳኺ ሓቢሮም።

ብሰንኪ'ቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ለበዳ ቫይረስ ኮቪድ-19፡ ኣውስትራልያ ኣብ ዝመጽእ 30 ዓመታት ኣስታት 2 ትሪልዮን ዶላር ዝግመት ቁጠባዊ ክሳራታት ኪጋጥማ ከም ዝኽእል ክኢላታት ስነ-ቁጠባ እታ ሃገር የጠንቅቑ።

ምስ ካልኦት ዓበይቲ ሃገራት ኣወዳዲርካ ክትርኣ እንከላ፡ ኣውስትራልያ ውሑድ ቁጽሪ መልከፍትን ሞትን ከም ዘለዋ ዝሓብሩ ሰብመዚ ጥዕና'ታ ሃገር፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣስታት 4 ሽሕ ሰባት ብቲ ቫይረስ ክልከፉ እንከለዉ፡ ካልኦት 18 ድማ ሂወቶም ስኢኖም ከም ዘለዉ ገሊጾም።

ብደረጃ ዓለም ክርአ እንከሎ፡ ልዕሊ 720,000 ሰባት ብቲ ቫይረስ ክልከፉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 34,000 ድማ ህይወቶም ስኢኖም ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት ዜና።

# ፊሊፒንስ - ብሓደጋ ነፋሪት ሸሞንተ ሰባት ሞይቶም



ኣብ ማኒላ - ርእሰከተማ ፊሊፒንስ፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ትተሓጋገዝ ዝነበረት ነፋሪት ብዘጋጠማ ሓደጋ ባርዕ ኣብኣ ዝነበሩ ሸሞንተ ተጓዓዝትን ሰራሕተኛታትን ከም ዝሞቱ ሮይተርስ ሓቢሩ።

ብመሰረት ሰብመዚ ፍሊፒንስ፡ እታ ላዕለዎት ሰብመዚ ኣመራጺን ካናዳን ተሳፊርማ ከም ዝነበሩ ዝተነግረላ ዋንነት መገዲ-ኣየር 'ላዮን-ኣየር' ዝኾነት ነፋሪት፡ ናብ ከተማ ሄዳ - ጃፓን እናተበገሰት እንከላ'ያ ኻ ካብ መሐምበሊ ጽርግያ ከይተንሰኦት እቲ ሓደጋ ኣጋጢምዋ። በዚ ከኣ እቶም ኣብኣ ዝነበሩ ሰለስተ ሕሙማት፡ ሓደ ሓኪም፡ ሓደ ሓላፊ ቀይሕ መስቀል ፍሊፒንስን ሰለስተ ሰራሕተኛታት ናይታ ነፋሪትን ብዘይ መሳሲ ኣውያት ምስኣ ተቓጺሎም ከም ዝሞቱ ተሓቢሩ።

ጠንቂ እቲ ሓደጋ እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ገና ኣብ መስርሕ መርመራ ከም ዘሎ ዝሓበረ ሓላፊ በረራታት ፊሊፒንስ ኤድ ሞንራል፡ እቶም ግዳያት - ሽዱሽተ ፊሊፒናውያን፡ እቶም ክልተ ድማ ወጻእተኛታት ከም ዝኾኑ ገሊጹ።

ከተማ ማኒላን ካልኦት ከተማታትን ፊሊፒንስ ለበዲ ኮሮናቫይረስ ንምቁጽጻር ብዝወሰዶ ምኽንያት ብምዕጻው፡ ብዙሓት ተጓዓዝቲ ንሰሙናት ዝኣክል ኣብ መዓርፎ-ነፈርቲ እታ ሃገር ተዓጊቶም ከም ዘለዉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

# ኣመሪካ - ንኮሮና ቫይረስ ዝምልከት መምርሒ ይናዋሕ



ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ለበዳ ኮቪድ-19 ንምቁጽጻር ዘውጸኦ መምርሒ ክሳብ 30 ሚያዝያ ከም ዝቕጽል ብሰንበት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣፍሊጡ።

እቲ ፕረዚደንት፡ እቲ ንህዝባዊ ምትእኽኻብን ካልእን ዝኽልክል መምርሒ ቀድሚ ፋሲጋ ምእታዉ ክበቅዕ ይኽእል እዩ ዝብል መግለጺ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሂቡ'ኳ እንተነበረ፡ ቁጽሪ ብቲ ሕማም ተለኺፎም ዝሞቱ ዜጋታት ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝቕጽላ ክልተ ሳምንቲ ብናህሪ ክወሰኽ ትጽቢት ከም ዘሎ ሰብመዚ ጥዕና እታ ሃገር ድሕሪ ምጥንቃቖም ግን፡ ኑቲ ገደብ ናይ ግዜ ከም ዘናውሖ ሓቢሩ።

ሓደ ካብ ኣማኸርቲ ሕክምና ዋይት ሃውስ ዝኾነ ዶክተር ኣንቶኒ፡ እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደገኛ ለበዳ ቫይረስ ክሳብ 200,000 ኣመሪካውያን ክቕትልን ካልኦት ሚልዮናት ክለክፍን ከም ዝኽእል ምግማቱ ኣድላዪ ምዃኑ ድሕሪ ምሕባሩ፡ እቲ ቫይረስ ኣብታ ሃገር ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩ ከም ዘሎ'ዩ ዝገለጽ ዘሎ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ነዚ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዝወሃብ መምርሒታት ኑቲ ኣንጻር ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ዝቐየድ ቃልሲ ዝሕግዝ ቀንዲ ሜላ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ዜጋታቱ ብዕቱብ ክተግብሩዎ ጸዊዑ።

እቲ ፕረዚደንት ብተወሳኺ፡ ጸረ እቲ ቫይረስ ዝኾነ ሓድሽ ክታብት ኣብ ልዕሊ 1,000 ሕሙማት ተፈቲኑ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ውጽኢት ግን ድሒሩ ክፍለጥ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብመልከፍቲ ቫይረስ ኮሮና ንቻይናን ኢጣልያን መሪሓ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዓ ከም ዘላ ዝሓብሩ ጸብጻባት፡ ኣብታ ሃገር ቁጽሪ ብቲ ሕማም ናይ ዝተለኽፉ ሰባት ኣስታት 140,000 በጺሑ ከም ዘሎን፡ ቁጽሪ ምውታት ድማ ናብ 2,493 ክብ ኢሉ ምህላዉን ኣመልኪቶም።

# ሰሜን ኮርያ፡ ፈተነ ሚሳይል ኣካዪዳ

ሰሜን ኮርያ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ንራብዓይ ግዜኣ ፈተነ ሚሳይል ከም ዘካየደት፡ መደበር ተለቪዥን እታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዘካየደቶ ክልተ ናይ ሓጺር ርሕቀት ፈተነ ባለስቲክ ሚሳይል፡ ካብቲ ኣቐዲማ ከተካይዶ ዝጸንሐት ተመሳሰልቲ ፈተነታት እቲ ዝዓበየ ምዃኑን ዕዉት ከም ዝነበረን ድማ እታ ቴለቪዥን ወሲኻ ሓቢራ። መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ነዚ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ዓለም ብሰንኪ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ተናዊጻ ኣብ ዘላትሉ





ግዜ፡ ፕዮንግያንግ ኑቲ ፈተነ ምኻያዳ ኣገዳሲ ከም ዘይኮነን ከም ዘቖጥዐን ሓቢሩ። ከምዚ ዓይነት ተደጋጋሚ ፈተናታት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ደው ክትብሎ ድማ ጸዊዑ። እቲ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል'ታ ሃገር ካብ ትርኽብ ከተማ ምንሳን ዝተወንጨፈ ሚሳይል፡ ኣብ ባሕሪ ቅድሚ ምዕላቡ ንኣስታት 410 ኪ.ሜ ከም ዝተጓዕዘ ወተሃደራውያን ሰብመዚ ደቡብ ኮርያ ሓቢሮም።

ሓደ ካብ ላዕለዎት ሰብመዚ ሰሜን ኮርያ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ፕዮንግያንግ ከተካይዶ ዝቐጸለት ፈተነታት ሚሳይል፡ ንድሕነታ ውሕስነት ዝህብ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ገሊጹ። ሰሜን ኮርያ ኣብዚ ግዜ'ዚ ወላ ሓደ መልከፍቲ ናይ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ከም ዘይተራእያላ እያ ትሕብር።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሰሽል | 31/3/2020 | ጎደና ናቕፋ ቁ33፡ ጥቓ እንዳ ኣልፋ | 120601 |
| | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |